
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.106 | ሰሉስ 2 ጥሪ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ቁጽሪ 'ሲዲ4' ዋህዮታትን ነፍሰ-ምክልኻል ሕማምን ኣካላት




ገጽ 3 ዘይሕለል ጻዕሪ ንዕብየት ስነ-ጥበብ ሓይልታት ምክልኻል



ገጽ 4 መሃዝቲ ዲና?



ገጽ 5 ሓዳር - መጥመሪ ማሕበራዊ ...



ገጽ 7 ጎዳይፍን ገዛ-ባንዳን ንዋንጫ ሓሊፈን




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ - ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ናይ ዮሃና መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ

ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2024፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወሽጥን ወጻኢን ንሓይልታት ምክልኻሉን ናይ ዮሃና ሰናይ ምኞትን፡፡

ዓመት 2023 - ብደረጃ ዞባን ኣህጉርን ተፈጥሮኣውን ሰብሰርሖን ሓደጋታት፡ ቅልውላዋትን ዕጥቃዊ ግጭትን ዝበዝሓ ዓመት እያ ነይራ፡፡

ኣብዚ ቅልውላዋት ዝዓበለሉ ሃዋህው፡ ህዝቢ ኤርትራ - ሰቲቱ ሓድነቱን ርግኣቱን ዓቂቡ፡ ሰላሙን ልኡላውነቱን ኣውሒሱ፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት፡ ከም ወትሩ ሓያል ናይ መኸተን ዓወትን ያታኡ ኣማዕቢሉ ኣሎ፡፡

ዓመት 2024 ድማ ዝዓቐኑ ልምዓትን ኩነታትን እነንቅደሉ፡ ዝሓሸ ዕድል ከተርሕወልና ሰናይ ትምኒተይ እናገለጽኩ፡ ርሑስ ሓድሽ ዓመትን በዓላትን ልደትን፡፡

ዓወት ንሓፋሽ!



## ህዝቢ ኤርትራ ንሓዳስ ዓመት - ምስ ምሉእ ተስፋ ተቐቢልዋ

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወሽጥን ወጻኢን ንሓድሽ ዓመት 2024 ብፍሱህ መንፈስን ምሉእ ተስፋን ከምኡ'ውን ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር መብጽዓኡ ብምሕዳስ ተቐቢልዋ፡፡

ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ፡ ሰሓትን ሓድነትን ዝተንጸባረቐ ናይ ዝኣቡዮ ርኢዮ፡ ድሕሪ 18 ዓመታት - ሓድሽ ዓመት ምስ'ቲ ዘይጸዓድ ህዝቡን መንግስታን ከተሕልፎ ምብቃዓ ኣገዳሲ ከምዝሓገሳ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉ "ዮሃና" ኢሉ፡፡

ሱዳናዊ መንእሰይ ድማ ብህዝቡን



ምትእኽኻብን ምዝንጋዕን ኣጋጥሚታት ዝተሳተፉ ዜጋታት፡ ከም'ቲ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ ዝበሎ - ዓመት 2024 ዝሓሸ ዕድል ከተርሕወልና ሰናይ ትምኒቶም ገሊጾም፡፡

ካብ ኣውስትራልያ ዝመጸት ዜጋ ኣብ መንግስትን ኤርትራ ዝግበረለም ዘሎ ሓልዮትን ናብዮትን መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ መንን ኣሕዋት ህዝብታት ሱዳንን ኤርትራን ዝጸንሐ ድልዱል ዝምድና ከምዘርኢ ብምሕባር፡ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት - ንኽልቲኡ ህዝብታት ሰናይ ምንዮቱ ገሊጹ፡፡

## ደቡብ - ውዳቤታት ህ.ግ.ደ.ፍ ንጥፈታቶም ገምጊሞም

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ተራን ኣበርክቶን ውዳቤታት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ልምዓታዊ መደባትን ምሕጋዝ ጸገማት ወገናትን ዝምስከርን ምዃኑ፡ ጸሓፊት ህግደፍ ኣብ'ቲ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ናቕፋ ንጸገማት ከምእተመቓረሐ፣ ተቐማጦ ንኡሳን ዞባታት መንደፈራ፡ ሰገነይቲ፡ ማይ-ዓይኒ፡ ጸሮና፡ ደቀምሓረን ማይ-ምነን ዘዋጽእዎ ህግደፍ ዞባ ደቡብ ዝካየዶ ዘሎ ጻዕሪ ብምምጓስ ኩሎም ኣባላት ግንባር ዝወጠኑ መደባት ልምዓትን ድሕነትን ንምዕዋት - መሪሕ ተራ ክጻወቱ ኣዘኻኺሩ፡፡





ዞባ ወ/ሮ ኣመተ ንገሰ ብ130 ታሕሳስ ኣብ ዝተገብረ ገምጋም ስራሕ ዓመት-2023 ገሊጹ፡

ኣብ'ቲ ገምጋማዊ ኣኼባ ክፍልታት ውድባውን ፖለቲካውን ጉዳያት፡ ጨናፍር ህግደፍ ኣብ ንኡሳን ዞባታት፡ ከምኡ'ውን ውዳቤታት ሲቪል ሰራሕተኛታትን ካድራትን ጸብጻብ ስራሕ ኣቕሪቦም፡፡

ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብ ውዳብ ጉጅለታት ህዙበን ሰራሕተኛታት መንግስትን መጠናዊ ዕብየት ከምእተራእየ፣ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዘበርከትዎ 417,605 ናቕፋ ብተመሳሳሊ መገዲ ከምእተዓደለ በሪሁ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ልዕሊ 400 ሽሕ ጉልበት ዝተሳተፎ፡ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምጽጋን ጽርግያን ከባብያዊ ጽሬትን ካልእን ዘተኮረ ስራሓት ከምእተዓመ ክግለጽ እንከሎ፣ ፖለቲካዊ ንቕሓት ንምብራኽ ሰፊሕቲ ሰሚናራት ከምእተወደበ ተገምጊሙ፡፡

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን፡ ፖለቲካውን ውድባውን ንጥፈታት ንምዕዋት ቤት-ጽሕፈት

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ቁጽሪ ‘ሲዲ4’ ዋህዮታትን ነፍሰ-ምክልኻል ሕማምን

ኣካላት ወዲ-ሰብ፡ ኣብ ትሕቲ ቀጻሊ መጥቃዕትታት ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት እዩ ዝርከብ። ኣካላትና ክሳብ ዕምርና እንውድእ - ዙሕ ሕማማት ንምክልኻል ምስ እንጥቃዕ ድማ፡ በብደረጃኡ ይፈላለ ይኸውን’ምበር፡ ኣብ ምጽዋርናን ምጥፍኣናን ምስ ተጻምደ እዩ። እዙም ንኣካላትና ዝጽብኡ ጓና ታህዋስያን - ባክተርያ፡ ቫይረስ፡ ጽግዕተኛ፡ ዕሲ ወይ’ውን ናይ መንሸሮ ዋህዮ ክኾኑ ይኽእሉ። ኣካላትና ዙሕ ሕማማት እዚኣቶም ብዒሁ ህይወቱ ክቕጽል ናይ ተፈጥሮ መከላኸሊ ጥበብ (መካኒዝም) ኣለዎ - ‘ዲፈንስ መካኒዝም’ (defense mechanisms) ከኣ ይበሃል።


* ዘይንጹር/ዘይምዱብ መከላኸሊ መካኒዝም (Non-specific defense mechanisms)፡

* ንጹር/ምዱብ መከላኸሊ መካኒዝም (specific defense mechanisms)፡

ዘይንጹር መከላኸሊ መካኒዝም፡ ኣብ ዝተወሰኑ ሕማም ወይ ጉድኣት ዘውርዱ ጓና ታህዋስያን ዝተሓጸጸረ ኣይኮነን።

እዚ መካኒዝም እዚ እውን ንባዕሉ፡ ክልተ ዓይነት እዩ - ቀዳማይ መስመር መከላኸሊን ካልኣይ መስመር መከላኸሊን።

=> ቀዳማይ መስመር መከላኸሊ - ቆርበት ከምኡ’ውን ልፉጓዊ መምብራና (Mucous membranes) የጠቓልል። እዚኦም፡ ኣካላትና ዝኾነ ብደገ መንዳእቲ ወይ ሕማም ከየጥቅዮ ከም ዕርዲ ይከላኸሉሉ።




### ቆርበት ሰብነት

ቆርበት ወዲ-ሰብ፡ እቲ ዝተረረ ላዕለዋይ ዋህዮኣዊ ሽፋን ናይ ሰብነት እዩ። እቶም ኑቲ ቆርበት ኣቐሚሞም ዝርከቡ ብዋህዮታት ዝተሰርሑ ቀጻሊታት ብዝምዝዙኡ ስለ ዝሕደሱ፡ ካብ ዝኾነ ረኽሲ ክከላኸሉ ይኽእሉ። ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ቆርበት ዝርከቡ ጸከታት (glands) ሰብሓዊ ኣሲድ ዝኣመስሉ ቅብኣት ስለ ዘመንጭዉ፡ ዝኾነ ኣብ ደገኣዊ ኣካላትና ክዕልቡ ዝኽእሉ ባክተርያ ከም ዝጠፍኡ ይገብሩ።

### ልፉጓዊ መምብራና

ልክዕ ከም ላዕለዋይ ሽፋን ቆርበት፡ ግን ድማ ኣዝዩ ብዝተራቐቐ ኣገባብ - እዚ ልፉጓዊ መምብራና ኣብ ስርዓት-እስትንፋስ ኣካላትና ዝርከብ ኮይኑ፡ ካብ ደገ ናብ ውሽጢ ኣካላትና ክኣትዉ ንዝኽእሉ ሕማም ዘስዕቡ ባክተርያ ንምክልኻል ይሕግዝ። ኣብ መናድቕ ስርዓት ምስትንፋስ ኣካላትና ልፉጭ ከመንጭዉ ዝኽእሉ ዋህዮታት ኣለዉ። እዚ ልፉጭ’ዚ ደቀቕቲ ህይወታውያን ናብ ውሽጢ ኣካላትና ከይኣትዉ ኣጻዊዱ ይሕዞም።

=> ካልኣይ መስመር መከላኸሊ - ውሽጣዊ ኮይኑ ንከም ‘ለትሳይት’ን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ሕማም ዘከላኸሉ ፕሮቲናት የጠቓልል።

ንጹር መከላኸሊ መካኒዝም - እዚ ኣብ ትሕቲ ነፍሰ-ተጻዋርነት (immunity) ዝብል ቃል ዝጥርነፍ እዩ። ስርዓት ተጻዋርነት ሕማም (immune system) እምበኣር፡ እቲ ሳልሳይ መስመር መከላኸሊ እዩ ዝጥቀስ።

= ሳልሳይ መስመር መከላኸሊ - ማለት ‘ስርዓት ተጻዋርነት ሕማም’፡ ንዝተኣጸሩ ብደገ ናብ ውሽጢ ኣካላትና መጥቃዕቲ ዝፍጽሙ ዝተፈላለዩ ብዒይንና ዘይረኣዩ ህይወታውያን ንምክልኻል ዘገልግል መካኒዝም እዩ።

ጸረ-ጅን (antigen) - ናብ ውሽጢ ሰብነትና ኣትዩ ሕማም ዘስዕብ ጓና ኣካል እዩ። ስርዓት-ምክልኻል ሕማም ኣካላትና፡ ሓደ ካብ’ቶም እዚ ጓና ኣካል ኣለልዩ ንምክልኻሉ ጻዕርታት ዝገብር መከላኸሊ መካኒዝም እዩ። እቲ ጸረ-ጅን መርዚ፡ ቫይረስ፡ ባክተርያ ወዘተ ክኾውን ይኽእል። ስርዓት ምክልኻል ሰብነትና እቲ ጸረ-ጅን እንታይ ዓይነት ምዃኑ ቀልጢፉ ኣብ ዘለልየሉ እዋን ድማ ንምጥፍኡ ተቐላጢፉ መጥቃዕቲ የካይድ።

### ቁጽሪ ‘ሲዲ4’ ዋህዮታት ንምክልኻል ሕማም

‘ሲዲ4’ (CD4)፡ ጻዕዱ ናይ ደም ዋህዮታት ኮይኖም፡ ሕማም ኣብ ምክልኻል ዓቕሚ ኣካላትና ልዑል ተራ ይጻወቱ። ቁጽሪ ናይቶም ኣብ ደምኻ ዝህልዉ ዋህዮታት ‘ሲዲ4’ ምልክት ብቕዓት ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ሰብነትና እዩ። ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ሰብነትና ድማ፡ ኣካላትና ሕማም ከስዕቡ ዝኽእል ጸረ-ጓና ኣካል ንምክልኻል ዝሕግዝ ስርዓት እዩ።

ዋህዮታት ‘ሲዲ4’ እንሓንሳእ ‘ቲ-ሰልስ’ (T-cells)፡ ‘ቲ ላይምፎሳይትስ’ (T-lymphocytes) ከምኡ እውን ሓገዝቲ ዋህዮታት ተባሂሎም ይጽውዑ እዮም።

ቁጽሪ ወይ ዓቐን ዋህዮታት ‘ሲዲ4’፡ ኣብ ሓደ ኩቦ ሚሊ-ሜተር (cubic millimeter) ደም ብዝህልዉ ብዝሒ ዋህዮታት እዩ ዝልካዕ። እዚ እቲ ኣገዳሲ ዝተሓተ ናይ ደም ቅምሶ (sample) እዩ። በዚ መንጸር ድማ፡ ኣብ መላእ ኣካላትና ዝህልዉ ዓቐን ወይ ቁጽሪ ዋህዮታት ‘ሲዲ4’ ክግመት ይከኣል። ዝለዓለ ቁጽሪ ‘ሲዲ4’ ምህላው - ዝሓየለ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ የመልክት።

ቁጽሪ ወይ ዓቐን ዋህዮታት ‘ሲዲ4’፡ ብዙሕ ግዜ ምስ ሕማም ‘ኤች.ኣይ.ቪ. - ኤይድስ’ ተተሓሒዙ ይግለጽ እዩ።

* ብሕማም ‘ኤች.ኣይ.ቪ.’ ዘይተለኽፈ ሰብ ካብ 500 ክሳብ 1500 ቁጽሪ ‘ሲዲ4’ ይህልዎ።

* ምስ ‘ኤች.ኣይ.ቪ.’ ዝነብሩ ሰባት ልዕሊ 500 ቁጽሪ ‘ሲዲ4’ ምስ ዝህልዎም፡ ኣብ ደሓን ደረጃ ጥዕና ይህልዉ።

* ምስ ‘ኤች.ኣይ.ቪ.’ እናነበሩ ትሕቲ 200 ቁጽሪ ‘ሲዲ4’ ምስ ዝህልዎም፡ ብዝተፈላለዩ ከበድቲ ሕማማት ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ። በዚ እዩ ድማ - ምስ ‘ኤች.ኣይ.ቪ.’ ዝነብሩ ሰባት ኣብ ኣካሎም ዝህሉ ቁጽሪ ‘ሲዲ4’ ንምህብታም ብጥበብ ሕክምና ክንብሩ ብተደጋጋሚ ጻውዒት ዝግበር።

‘ኤች. ኣይ. ቪ.’ ምስ ዝህልወካ እሞ ድማ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ምስ ዘይትገብር፡ ቁጽሪ ‘ሲዲ4’ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናጉደለ ስለ ዝኸይድ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ክትናኸም ትኽእል። ዝተሓተ ቁጽሪ ‘ሲዲ4’ ምህላው ዝተሓተ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ምውናን ስለ ዝኾነ፡ ንሕማም ዝተቓላዕካ ትኸውን።

### ቁጽሪ ‘ሲዲ4’ ካብ ግዜ ናብ ግዜ....

ቁጽሪ ‘ሲዲ4’ ምስ ግዜን ንጥፈታትን፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ። እቲ ቁጽሪ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ሓንሳእ ክድይብ ሓንሳእ ድማ ክጎድል ይኽእል እዩ። ስራሕን ዝተመጣጠነ ኣመጋግባ፡ ከምኡ’ውን ግቡእ ምውሳዋስ ኣካላት ንቁጽሪ ‘ሲዲ4’ ክዕበዩዎ ይኽእሉ እዮም። ዋሕዲ ድቃስ፡ ምትካኽ ሻጋራን ኣልኮላዊ መስተን ድማ ብኣንጻሩ ነቲ ቁጽሪ ክጎድልዎ ይኽእሉ።

ጥዕናና ንምቁጽጻር፡ ዓቐን ‘ሲዲ4’ ደምና ብተደጋጋሚ ክንልክዕ ጸቢቕ ምዃኑ እዩም ሓኪም ዝመኽሩ። እዚ ንምግባር ኣብ ቀረባኻ ናብ ዝርከብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ካብ ሓኪም ዘድሊ መኸሪ ክትወስድ ይግባእ። ኣብ እትልክዓሉ እዋን ዝኾነ ሕማም ወይ ረኽሲ ምስ ዝህልወካ፡ ነቲ ሓኪም ክትሕብሮ ተመሪጺ እዩ።

### ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና ዝጉድኡ ሕማቅ ልምድታት

ብዙሓት ሰባት፡ ጥዕናኦም ብዘየገድስ ንምሕላው ሸለልትነት ከርእዩ ደረኣዩ እዮም። ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ዘጋጥሙና ከም ነዊሕ ዝጸንሐ ሰዓል፡ ድኻም ድቃስ፡ ተደጋጋሚ ድኻም፡ ቀጻሊ ሕማም ርእሲ ብኣዝዘውትሮም ሕማቅ ልምድታት ዝሰዓቡ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ እተካይዶ ስርሓት፡ እተዘውትሮ ልምድታት፡ እትወስዶም መግብታት ግቡእ ምክትታል ዘይትገብር እንተ ኾንካ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕምኻ ዝተሓተ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና፡ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ዝኾኑ ናይ ደገ ተጻባኢቲ - ንኣካላትና ከየጥቅዕዎም ንምክልኻል ዝሕግዝ ኣገዳሲ ኣሃዱ ኣካላትና እዩ። ድኹም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት፡ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ብቐሊሉ ዝተጠቕዑ ይኾኑ። ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ሰብነትና ዘናኽሙ ገለ ልምድታት ንምጥቃስ፦

* **ምትካኽ፦** ምትካኽ ዋላ እቶም ካልኣይ ደረጃ ኣትከኽቲ ዝበሃሉ ሰባት፡ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተቓልዑ ምዃኖም ሓኪም ይገልጹ። እዚ ከኣ፡ ድኹም ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ስለ ዘለዎም ብምዃኑ እዩ። እቲ ሽጋራ ናይ ምትካኽ ልምዲ ብኢጋኡ ክቋረጽ እንተዘይተኻኢሉ፡ ንዝተፈላለዩ ሕማማት መንሸሮ የቃልዕ።

* **ኣልኮላዊ መስተ፦** ኣልኮል፡ ቀንዲ ዕማም ጸረ-ጓና ኣካል (antibodies) ሰብነትና ናይ ምዕናው ባህሪ ኣለዎ። ጸረ-ጓና ኣካል (antibodies) ሕማም ከስዕቡ ዝኽእሉ ባክተርያን ቫይረስን ዝኣመሰሉ ናይ ደገ ተጻባኢቲ ዝወግኡ ዓይነት ዋህዮታት እዮም። ብዙሕ ኣልኮላዊ መስተ ተሀልኽ እንተ ኾንካ፡ ዘውሓደ ጸረ-ጓና ኣካል ክትውንን ትግደድ፡ በዚ ድማ ብቐሊሉ ብሕማም ትልከፍ።

* **ውሑድ ምድቃስ፦** ኣካላትና ብተፈጥሮኡ ባዕሉ ናይ ምጽጋን ብሓደሽ መንፈስ ናይ ምሕዳስ ባህሪ ኣለዎ። ሰብነትና እኹል ድቃስ ክረክብ እንተዘይክኢሉ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕምና ምሉእ ብምሉእ ክሰርሕን ክቅሕን ኣይክእልን። ኣብታ እትሰዕብ መዓልቲ ብደገ ክመጽኡ ንዝኽእል መጥቃዕቲ ድማ ኣይዳለወሉን። እኹል ድቃስ ዘይረኸበ ሰብ፡ ንፋጥ ጸረር-ጸረር ኩብልን ሻቡ ብሕማም ሰዓል ክጥቃዕ ኣስተብሂልኩም ትኾኑ ኢኹም። እኹል ድቃስ ዘይምርካብ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕምና ከም ዝናኸም በዚ ብቐሊሉ ክንርዳእ ይከኣል።

* **ንዊሕ ሰዓታት ስምዒታት ጸቕጢ ምርኣይ፦** ጸቕጢ ዘለዎ ሰብ፡ ምስቲ ዝተዛየ ህይወት ዝመርሕ ሰብ ክነጻጸር እንከሎ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ብ120 ሚእታዊት ዝተሓተ ከም ዝኾነ ሕክምናዊ ጸብጻባት ከረድኡ ክኢሎም እዮም። ንዊሕ እዋን ስምዒታት ጸቕጢ ዘለዎ ሰብ፡ ብዝተፈላለዩ ረኽሲ ብቐሊሉ ተጠቃዒ እዩ። ሓደ ሰብ ዘለዎ መጠን ጸቕጢ ናብ ዝለዓለ ደረጃ እንተበጺሑ፡ ኣእምሮኡ ኮርቲሶል (cortisol) ዝተባህለ ሆርሞን ብልዑል ዓቐን የፍሪ። እዚ ሆርሞን’ዚ ንስራሕ/ዕማም ናይ ‘ቲ’ ዋህዮ (T cells) የዳኽሞ ወይ’ውን ምሉእ ብምሉእ ደው የብሎ። ‘ቲ’ ዋህዮ (T cells) ንኣካላትና ዝጥቅዖ ረኽሲ ንምቅላስ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም።

* **ብሕትውና ምዃን፦** ብሕትውና እንሓንሳብ ከም ወልፊ ክልመድ ከም ዝኽእል እዮም ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ ዘመልክቱ። ካብ ምስ ሰብ ብምምሕዛር (socialize) ዝረኽቡዎ ባሀታ፡ በይኖም ብምዃን እዮም ዚዩዳ ዝሕጎሱ። ብጽዑቕ ስራሕ ብምጽማድ ወይ’ውን በይንኻ ምዃን ብምድላይ፡ እኹል ማሕበራዊ ሱታፌ ዘይብሉ ሰብ፡ ትሑት ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ከም ዘለዎ ክኢላታት የመልክቱ።

* **ምውሳዋስ ኣካላት ዘይምኽያድ፦** ምውሳዋስ ኣካላት ጥዕናኻ ንምሕላው ዝሕግዝ ዝበለጸ ኣገባብ እዩ። ምውሳዋስ ኣካላት ዘይምኽያድ ድማ፡ ኣካላዊ ብቕዓትካ ተናኺሙ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተቓላዕካ ትኸውን። ምውሳዋስ ኣካላት ዘዘውትሩ ሰባት፡ ክሳብ ብእግሮም ምኻድ ዘይፈትዉ ሰባት ዘጠቓልል እዩ ንሕማም ሸኮርን ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማማት ልበን ዝተቓልዑ እዮም።

* **ልዑል ዓቐን ሸኮር ምውሳድ፦** ሸኮር ጀርምታትን ካልኦት ታህዋስያንን ናይ ምቅላስ ዓቕሚ ኣካላትና የዳኽም። ኣብ ኣካላትና ዝህሉ መጠን ቫይታሚን ‘ሲ’ ናይ ምጥቃዕ ጠባይ ስለ ዘለዎ ድማ፡ ንሕማም ዝተቓላዕና ንኸውን። ቫይታሚን ‘ሲ’ ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና ንምሕያል ዝሕግዝ ዝበለጸ መኣዝ እዩ።

ምንጪ፦ mayo clinic

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቁ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቁ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳ.ጸ. 1284

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ዘይሕለል ጻዕሪ ንዕብየት ስነ-ጥበብ ሓይልታት ምክልኻል

የሃንስ ፍትዊ

ኤርትራ ሃገርና ብዙሓለፈቶ ጸዑቕ ፍጻመታት ታሪኽ፡ መኣዲ ክሹን ዛንታታት፣ ሃገር ዘይተጎድለን ዘይተተዃሕፈን ጸዑቕ ታሪኽ እዩ። ካፍሲ-ወከፉ ስለ'ዛ ሃገር ዝተኸፍለ ዋጋን እቶም ነቲ ዋጋ ናትና እጃሞ'ዩ ኢሎም ዝወደቑ ሰማእታትን ታሪኾምን ዛንታ ውዕሎኦምን በዪናይ ቅርንጫፍ ጥበብ፡ ኣዩናይ መድረኽ ብዙተሳሕለ ኣእዳው ብዞገድስ ንልክዕት ውዕሎቶም ዝስንድ፡ ዝዋገር፡ ዝሕብር፡ ዝርኢ፡ ዝርኢ፡ ዝሰምዑ ዘሰምዕ ብዚቃጽል መንፈስ ጥበብ ዝተኸሉዐ ዕዮ ስነ-ጥበብ ክፈሪ እዋኑ እዩ። ካብዚ መንፈስን መረዳእታን ዝበገሰ'ዩ ድማ መተዛን ጉስጓስን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ካብ ዝሓለፉ ሓደት ዓመታት ጀሚሩ ኣብ መንጎ ኩለን ናይ ምድሪ፡ ባሕርን ኣየርን ሓይልታቱ ዝቶዩድ፡ 'ሽልማት ዋልታ' ዝሰመዩ ውድድር ክካየድ ጸኒሑ። እዚ ውድድር'ዚ ኣብ ሓድሕድ ኣሃዱታት ልዑል ናይ ውድድር መንፈስ ብምፍጣር፡ ንብዙሓት ኣብ ሞያ ስነ-ጥበብ ዝነጥፉ መንእሰያት ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ዓቕሞም ዝፍትሹሉን ብሉጻትኦም ዝርእዩሉን ዝውዳደሩሉን መድረኽ'ዩ ድማ ፈጢሩ።

ዝሓለፈ ሰሙን 24 ታሕሳስ 2023፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይቲ ንወርሒ ኣብሉ ኣብ መንጎ ኩለን ኣሃዱታቱ ክቶዩድ ዝጸንሐ ውድድራት ስነ-ጥበብ ኣብ ደንጎሎ መዘዘሚ መደብ ወዲቡ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውዲ ዕዉታት "ሽልማት ዋልታ - 2023" ዝተረቖሑሉ ምዕሩግ መደብ ተኣንጊዱ። ኣብቲ ብሉጻት ሓደስቲ ስነ-ጥበበኛታት ዝተራእዩሉ ውድድራት፡ ኩለን ኣሃዱታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብዓውዲ መዚቃ፡ ድራማ፡ ቅብኣ፡ ትልሂት፡ ምምራሕ መደብን ናይ መድረኽ ኮሜድን እየን ተወዳዲረን። ዝዘራእኦዩ ስለ እትዓጽድ፡ ኣሃዱታት ወጽኢት ዝሰርሓኦን ዝዋዕኣንን ደረጃ ድማ ሓዘን።

"ስነ-ጥበብ ኣብ ጥቕሚ ሓፋሽ ዘይውዕል እንተ ኾይኑ ፋይዳ የብሉን" ዝብሉ ማሕበራውያን ተማጎትቲ ስነ-ጥበብ ኣለዉ። ብኣንጻር'ዚ፡ 'ስነ-ጥበብ ንስለ ጥበብ ደኣ'ምበር ንዝኾነ ፍሉይ ዕላማ ክውዕል የብሉን' ማለት ጥበብ ስለ ጥበብ (Art for art's sake) ዝብሉ ኾኣ ኣለዉ። ንስነ-ጥበብ ሃገርና ናብ ዝደለናዮ ግዜ ንድሕሪት መሊስና፡ ኣብ ደስ ዝበለና ዓመት-ምህረት ደው ኣቢልና፡ ንፍርያት ስነ-ጥበብ ሃገርና እንተ ርኢናዮ፡ ንሕና ከም ሕብረተሰብ ብእኩብ ደኣ'ምበር ብውልቒ ሓሳብ ዝቐምና ህዝቢ ኴንና ኣይንርከበን። ኣተሓሳስባናን ናብራናን ናይ ሓባር'ዩ። መኣድና ናይ ሓባር፣ መርዓና ናይ እኩብ፣ ሓዘንና ማሙቕ፣ ብዜላትናን ምስሌታትናን ዓሚቑን ስፊሕን፣ "ምስ ሰብካ መዓት ዳርጋ ሞት" - ሾግር ናይ ሓባር፣ ቃልስና ብተግባር፣. . . እዩ። ኩሉ ናይ ሓባርን ብሓባርን።

እዚ ዝሰረቱ ሕብረተሰብ፡ ብውልቅን ናይ ውልቅን ክሓስብ ኣይክእልን። ስለ ዝኾነ፡ ኣብቲ ውድድር ዝቐረበ ስነ ጥበባዊ ስርሓት ኣብ ዙርያ ሃገራዊ ሓድነትን ተልእኾ ሓይልታት ምክልኻልን ዝተሰረተ ነይሩ። ብመሰረቱ፡ ማእከል ስሕበት ትሕዝቶ ስነ-ጥበብ ሃገርና ኣብ መኸተ ዘተኩረ'ዩ። ሕሉፍና ዘበለ ብህላወ ሃገር ዝተመርሐ ስለ ዝኾነ፡ ስነ-ጥበብና ኣብዚ ዓንኬል'ዚ ክዘሉ ድማ ግዴታኡ'ዩ።

ተራ ስነ-ጥበብን ስነ-ጥበበኛታትን ኣብ ምህናጽ ሃገርን ሃገራውነትን ርዱእ እዩ። ኣብ መዘዘሚ ውድድራት ስነ-ጥበብ ሓይልታት ምክልኻል ዝተረኽበ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮሃንስ፡ ንስነ-ጥበበኛታት ዝተፈልየ ርእየት ክርእዩ ኣዘኻኺሩ። ስነ-ጥበብ ክንሕሉፍን ህልውን ምርኣይ ናይ ምንባይ (predict) ረቒቕ ጥበብ ስለ ዝውንን፡ ስነ-ጥበበኛታት ነዚ ዘቕርብዎ ዘለዉ ስርሓት ናብዚ መድረኽ'ዚ ከሰጋግሩዎ ድማ ኣዘኻኺሩ። ነቲ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቓልሲ ዝፈሪ ዝበረ ስርሓት ጥበብ ብምጽናዕ ሓደ ምህር፡ ሰውራ ኤርትራ ከዐውቶ ዝኸኣለ ምስጢራት ኣብ ሕቖኡ ናይቶም ኣብ ሰውራ ዝፈርዩ ዝበሩ ስርሓት ጥበብ ከም ዝረኸበ ገሊጹ። ኣብ መወዳእታ፡ "እዛ ሃገር ንኽትህሉ ናይ ኣንበሳ እጃም ካብ ዝበርም ሓደት ካብቶም ብዙሓት ስነ-ጥበበኛታት እዮም፡" ብምባል ንውዕሎት ስነ-ጥበበኛታት ሃገር ኣመስጊኑ።

ኣብቲ መዘዘሚ መደብ፡ ምክትል ሓላፊ ጉስጓስን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ሜጀር ፍስሃየ ተኽሊይ (ቀይ-ሹበር) ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ "ወዲ-ሰብ ኣብ መስርሕ ጉዕዞኡ ብደፋእታዊ ለውጢ ካብ ዘማዕበሎ ረቒቕ ርኽበት ሓደ ባህልን ባህላዊ ክብርታትን'ዩ። ባህሊ ዘመናት እናተሳገረ ኣብ ምዕቃብ ክብርታትን ህይወትና ኣብ ምቕያርን ምምዕባልን ዝተጻወቶ ተራ ኣቕሊልካ ዝርኣ ኣይኮነን. . .፤" ድሕሪ ምባል፡ ". . . ህዝባዊ ግንባር ኣብቲ ህላወኡ ከረጋግጽ ዝሰገረን ዓመታት፡ ብዓብዪ ተወፋይነት፡ ተበጃወነት፡ ትብዓትን ርእሱምትእምማንን ብምኽስካስ፡ ኣብ ቀጻሊ ህንጸት ሃገር፡ ሃገራውነትን ምዕቃብ ክብርታትን ዘንጸባረቓ ጉድሊታት ባህሊ ወዲቡ ንተረር ዘቡቓልሱ ሃገር ኣብ ምምጃእን ሃገር ኣብ ምውሓስን ኣሕሊፉዎም ሕጂ'ውን ብተመሳሳሊ ይሳገር ኣሎ. . ." ብምባል እዚ ወለዶ'ዚ በዚ መንጽር-ሓሳብ'ዚ ተቓጺዑ ብዙሓት ዘለዉን ዝተወለዱን መሳርዕ ጥበብ ተመሪሑ ኣብ ጥርዚ ብራኽ ክቕመጥ ዘኽእሎ ክብር ፍርያት ስነ-ጥበብ ኣብ ኩብኩታት ስነ-ጥበብ'ዛ ሃገር ከቕምጥ ተላቢዩ።

ጉጅለታት ባህሊ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጥርኑፋት ብምኻንን እቲ ንመዳለዊ ዝተዋህበን 25 መዓልታት ሓጺሩ ኢለን ከም ከቢድ ብድሆ ከይረኣያ ኣብርቲዐን'የን ሰሪሐን። ከም ወጽኢቱ እቲ ዝቐረበ ስርሓት ካብ ሓድሕድ ዝቀለጸ ነይሩ። ልቢ ተዓዘብቲ ዝትንክፉ ትልሂት፣ ኣዒንቲ ዝፍትን ድራማ፣ ኣእዛን ዝምችእ መዚቃ፣ ኣፍ ዘዖኽድን ዕላል. . . ከቕርባ ኾኣ ኣይተጸገማን።

እታ ንደምጻውያን ናይ ኩለን ተወዳደርቲ ጉጅለታት ከም መወዳደሪት ዝተዋህበት ሰውራዊት ደርፊ እስጢፋኖስ ኣብርሃም (ዞማች) 'ብድሆ'፡ ኣብቲ መዘዘሚ መደብ'ውን ቐሪባ ነይራ። እዛ ደርፊ'ዚኣ ንኣብል እዚ ተወርዋሪ ጉጅለ ባህሊ ሓሬና፡ ደምጻዊ የናስ ገብረትንሳኤ (ዱንጋ) ብሉጽ ደምጻዊ ሓይልታት ምክልኻል 2023 ዘሰመየቶ ነይራ። በቀረርባኣ ሓንቲ መርኣያ ብሉጽነት ናይቲ መደብ ድማ ነበረት።

ጉጅለ ባህሊ ሓሬና ምስዚ ብሉጽ ዝተሰምየ ደምጻዊኡ፡ ጸዋእ ብሉጽ "ተጫራቓይ" እውን ኣብ ሕቑፉ ኣእተወት። ጉጅለ ባህሊ ኣለሊ (መካናይዝድ 74) ብዝበለጸ ድራማዊ ትልሂትን ብሉጽ ተላሃያይን ኣብ ትልሂት ጸብለል በለት። ጉጅለ ባህሊ እግሪ-መኸል፡ እዚ ማእከል፡ ብዝበለጸ መዚቀኛን ብሉጽ መዚቃን ኣብ ቅድሚት ተሰርዐት። ጉጅለ ባህሊ ማእከል ስልጠና ሳዋ ብቐብኣ ኣብ መሳርዕ ዕዉታት ሓደ ኣባል ኣብ መድረኽ ኣደየበት። ጉጅለ ባህሊ ኣውሳንን ናይ ሓይሊ ባሕሪ፡ ብዝበለጸ ድራማን ብሉጽ ዳይረክተርን ብጸቢብ ንክፍሊ-ሰራዊት 84 በሊጻ ብደምር ነጥቢ ጉብለል ናይቲ ውድድር ኰነት።

ኣብቲ ውድድራት፡ ብዙሓት ኣብ ስነ-ጥበብ ብዙሕ ተመኲሮን ዓቕሚ ስብን ዘይብለን ኣሃዱታት ነተን ብዙሕ ስምን ተመኲሮን ዝጸንሐን በሊጸን ምዕዋተን ሓደ ጸቡቕ መዳይ ናይቲ መዘዘሚ መደብ ነይሩ።





## ሓድሽ ዓመት

ምጽኣት መዓልቲ ኣይኮነን
ዕለት መተኣኻኺታ ዕለት፣
ምጽኣት ዓውደ-ኣዋርሕ'ውን ኣይኮነን
ካብ ታሕሳስ ናብ ጥሪ ዝለት፣
በረኸ'ዩ ግዜ፡ ወትሩ ልዕለት
ቀለቤታት ግዜ ዘይብተኽ ሰንሰለት።

መለክዒ'ዩ ግዜ፣ ሱዳሪ ጉዕዞ
ሓብሪ ኣሰር፡ ዕያር ትሕዞ
ምልስ ኢልካ ዝርኣ፡ ዝገምት
ፍረ ዝሓለፈ፡ ቀው ኢልካ ዝጥምት
መስፈሪ'ዩ፣ ክብር ሚዛን ውዕለት።

ደቒቕ'ኳ ምሕላፉ ዘኻቕል
ይትረፍ ዓመት፡ ህሩግ እንክብል፣
እትሓልፍ ዓመት
ብዓመትኻታ ዕምሪ ነይድረት
12 ኣዋርሕ፣ 365 መዓልታት፣
8,760 ሰዓታት፣. . . እልቢ ዝርዝራት
መለክዒ ፍረ'ዩ ጸብጻብ ውዕሎታት።

ሽባቢ'ዩ ግዜ፣ ዝሰወር ኣሎ እናተባህለ
ኣሰር ግን ይሓድግ፡ ኣሰር ዝወዓለ
ሕሉፍ ተግባር፡ ተኑዳቑ ዝተዋህለለ።

ቀረጽ'ዩ ግዜ፡ ዘይተርፍ ግብሪ
ካብ ዕምሪ ሰብ ዝመሃብ ንፈጣሪ፣
ዕጽፍታት ትዕድ ፈቲንካ ክትሃድም
ከተምልጥ ሓሊንኩ ቖዳምካ ኔትቕድም
እንተርፎ ንስራሕ ንኻልእ ዘይዕድም፤
ግዜ ጉራሕ
ዝቐወም ብስራሕ
ብውዕሎት ዝምራሕ
ምስ ዝኸደ'ዩ ንኸድ ጥራሕ!

ኢሳብ ግርማይ
01/01/2024

## ደሃይ ጥበባት

ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃግደኤ ዝጥፍ "ትንሳኤ፡ ኢደ-ጥበብ ደቂ-ኣንስትዮ ዞባ ማእከል" ዝተሰምየ ማሕበር ሞያውያን፡ ዓመታዊ ምርኢት ስራሓት ኢደ-ጥበብ ኣብ ኣስመራ ኣካይዱ።

እዚ ኣብ ዕዮታት ኢደ-ስርሓትን ማእለማን ዝጥፋ ሞያውያን ደቂ-ኣንስትዮ ኣባላት ዘለዋኦ ማሕበር'ዚ፡ ስራሓት ካይላ፡ መጸብበቒታት፡ ቦርሳታት፡ ስራሓት ዑንቂ፡ ዕንጨይቲ፡ ቅብኣ፡ ማእለሚ ወዘተ. ዝሓዘ ብርክት ዝበለ ዕዮታት ንምርኢት ኣቕሪቡ። "እዚ ናይ ሕጂ ምርኢት፡ ከምቲ ዓመታዊ እንገብሮ፡ መፋነዊ ንዝጸንሐት ዓመትን መቐበሊ ንሓዳስ ዓመትን'ዩ" ብምባል ትገልጽ ኣባል ትንሳኤ ስራሓት ኢደ-ጥበብ፡ ወ/ሮ ንግስቲ ገብረመስቀል፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ማሕበረን ኣብ ትሕዝቶን ኣቀራርባን ብዙሕ ለውጢ ከም ዘርኣየ ድማ ትገልጽ። ሎሚ ዓመት ንመጀመርታ ግዜ ካብ ዕንጨይቲ ዝስራሕ ፍሉይ መጸብበቒ ቤት ከም ዘቕረባ ድማ ገሊጻ።

እዚ ካብ 20 ታሕሳስ 2023 ክሳዕ ባሕቲ ጥሪ 2024 ኣብ ጉደና ሓርነት፡ ኣፍደገ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝቐጸለ ምርኢት ስርሓት ኢደ-ጥበብ'ዚ፡ ብዙሓሊ በጺሑቲ ከም ዘእንገደ ወደብቱ ይገልጽ። እቲ ስራሓት ኢደ-ጥበብ ንመሸጣን ምርኢትን ዝቐረበ ኾይኑ፡ ሱዳናውያን ብዙሓሊ ከም ዝተዓዘቡዎ'ውን ወደብቱ ገሊጸን።

ማሕበር "ትንሳኤ ስራሓት ኢደ-ጥበብ"፡ ኣብ ማእለማን ኢደ-ጥበብን ዝጥፋ ደቀንስትዮ ዝጥርንፍ ማሕበር ሞያውያን ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጥን ደገን መደባቱ ብቐጻሊ ከሳሊ ጸኒሑ'ዩ።

ዳርጋ ኩሉ ካብ ደገ ዝመጽእ መጸብበቒታት ብናይ ውሽጢ ዓዲ ፍርያት ተተኪኡ'ዩ ዝበለት ተጋዳሊት ንግስቲ ገብረመስቀል፡ ሃግደኤ ስለቲ ኣብ ሞያዊ ዕቤተን ዝጻወቶ ተራ ኣመስጊና። ህዝቢ ምስ ፍርያተን ዘላለዩሉ ዝተፈላለዩ መደባት ብስሩዕ ከም ዘካይዳውን ሓቢራ።



ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# መሃዝቲ ዲና?

ኤርሚያስ ኣብርሃም (ወዲ ኢሞ)

ደቂ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ዓመት ቈልዑ ክጻወቱ ከለዉ ኣስተብሂልናሎም ንፈልጥዶ? ህንጡያትን ኣብ ኣጸዋውታኦም ከኣ ፈጠራውነት ዘለዎምን እዮም። ወላ'ኳ እንታይ ከም ዘይፈልጡ ኣይረደኣዮም፡ ናይ ምህዞ ወይ ፈጠራ ህንጡይነቶም ደረት የብሉን። ከም ዘይክእሉ ዝነግሮም ስለ ዘየለ ብዘይ ስክፍታ ንኽድህስሱ፡ ሙዚቀኛታት ክኾኑ፡ ክቕብኡ፡ ገሊኦም ድማ ክዋስኡ ንዕዘቦም። ዝኾነ ጸቕጢ ከይተሰመዮም፡ ዝደለዩዎ ከም ሓሳቦም ይገብሩ። ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ዝኾነ ነገር ዘሎ'ውን ኮይኑ ኣይስመዮምን።

ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕትታት ከም ዘሕብርዎ እንተ ኾይኑ ደቂ ሰባት ፈጠራዊ ወይ ምህዞኣዊ ክእለት ኣለዎም። ማእከላይ ዕድመ ዘለዎ ሰብ፡ ንሓደ ውሁብ ኩነታት ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ኣማራጺታት ከዳሉ ይኽእል። እቲ ኣብ ቍልዕነት ዕድሚኡ ዝርከብ ግዳ ንውሁብ ኩነታቱ ክሳብ 60 ዝበጽሕ ኣማራጺታት ክቕርብ ይከኣሎ። እቲ 'ፈጠራውነት ወይ ምህዞ' ዘገድስ ክሳብ ዝኾነ እቲ ብዝሕን ንቕዓትን ማዕረ'ዩ። ነዚ መጽናዕቲ ንምክያድ፡ ኣብ ምክትታል ዝኣተዉ ቈልዑ፡ ኣማራጺታት ከዳልዉ ምስ ተገብሩ፡ ንውሕ ዝበለ ዝርዝር እዮም ቀሪቦም። እቲ ብሉጽ ኣማራጺ ኸኣ ኣብቲ መወዳእታ ናይ ዝርዝሮም እዩ ነይሩ።

ምህዞ፡ ብተፈጥሮ ዝተዋህበና፡ ምሳና ዝተፈጥረ ህያብ እዩ። ሕማኞ ዕድል ኮይኑ ግዳ እናዓበና ኣብ ንኸደሉ ኣብ ኣተዓባብያና፡ ዝምድና ምስ ከባቢና፡ ኣብ ጕዕዞ ትምህርትና፡ ኣብ ስራሕ ዓለም፡. . . . ኣብ ንሓልፈሉ እዋናት ንመሃዝነትና ዝጸሉ ኩነታት ይኽሰት። ህይውትና ኣብ መዓልታዊ ናይ ናብራ ሃለኽለኽ ምስ ዝጽመድ መሃዝነትና ይጽሎ'ዩ። ግዳ ምህዞ ኣብ ህይወትና ኣገዳሲ ተራ እዩ ዘለዎ። ብዘይ ምህዞ ህይወትና ኣሰልቻዊ፡ ለውጢ ዘይብሉ ድግምጋምን እዩ ዝኸውን። እቲ ባህ ዘብል ነገር ከኣ ኩላትና መሃዝቲ ናይ ምዃን ትዕድልቲ ዘለና ምዃንና እዩ።

እንተኾነ ነፍሲወከፍና፡ ከም ሞዛርት ሙዚቀኛ፡ ከም ዳቪንቺ ቀባእን ቀራጽን፡ ከም ሸክስፒር ወይ ኣይንስታይን ዝዳረግ ክእለት ክህሉወና ግድን ኣይኮነን። በብናትና መንገዲ፡ ነናትና ናይ መሃዝነት ክእለት ከም ዘለና ምፍላጥ'ዩ ዘድልየና። ነዚ ነናይ ውልቅና ፍሉይ ክእለት ክንርዳእ ጥራሕ'ዩ ዘድሊ። እዘን ዝስዕባ ሕቶታት ንነብስና ንሕተታ፤

1. ኣብ ህይወትና ነናሻዕ ብሓደስቲ ዕላማታት ንህንጠዶ? ገለ ዝዕመም ንደሊዶ?

2. ኣብቲ ድሮ ዝተማህዘ ስርሓት ኣድሂብና 'ብኸምዚ እንተ ዝስራሕ... ' ንብልዶ?

3. ገለ ሓድሽን ፍሉይን ስራሕ ኣብ ንትግብረሉ እዋን በላሕቲ ዝኾንናዶ ኮይኑ ይስመዓና?

4. ንብጻይና ሓድሽ ክእለት ኣብ ነርእየሉ ወይ ንምህረሉ ባህ ይብለናዶ?

5. ኣብ ምፍታሕ ጸገማት ዘለና ክእለት ዝነኣድ ድዩ?

እሞ ነዘን ሕቶታት ሓቲትና እወታዊ መልሲ እንተ ረኺብና መቸም ንነብስና ኣገናዕ ንበላ። መሃዝነት ኣብ ሓሳባት ምቕራብ፡ መፍትሒ ናይ ጸገማት ምድላው፡ ወይ ንኻልኦት ኣብ ምምሃር ዝኣመሰሉ



ተግባራት እውን ይገሃድ'ዩ። ንነብስና ከነመሓይሽ፡ ንቕሓትና ከነበርኽን ከነማዕብልን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣድማስ ኣተሓሳስባ ናይ መጓዕዝትናን ናትናን ከነስፍሕ የኽእለና።

ኣብዚ ደረጃ ምስ በጻሕና ምናልባት መሃዝነቲ ምዃንና ንምርግጋጽን ንኽንተኣማመንን እንታይ ከም ዘድልየና የተሓሳስበና ይኸውን። ፈለማ ናይቲ ምህዞና ከነቕርበሉ ዝደለና ዓውዲ ክኢላ ወይ ብዓል ሞያ ምርካብ የድልየና። ምኽንያቱ ኣብ ዓውዲ ስነ-ፍልጠት ወላ ሓንቲ ኣፍልጦ ከይሓዝና ኣብ ታሪኽ ሕክምና ወሃ ዘበለ ምህዞ ከነቕርብ ኣይከኣለናን'ዩ። ምህዞና ከነቕርበሉ እንደሊ ዓውድን ናትና ፍሉይ ክእለትን ኣቐዲምና ክንርዳእ ኣለና። ናይቲ እንመርጾ ዓውዲ ክኢላ ደገፍ እምበኣር ኣዝዩ የገድሰና።

ብድሕሪ'ዚ ዝመጽእ ኣገዳሲ ነገር እቲ መሃዚ ኣተሓሳስባና ናይቲ ዝመረጽናዮ ዓውዲ እዩ ዝኸውን። እዚ ንኽንዕወት ኣዝዩ ወሳኒ ዝኾነ፡ ብተኽእሎ ናይ ሓሳብና ዝኣምን ኣተሓሳስባና ወሳኒ ተራ'ዩ ዘለዎ። ንነገራት መልሲ ክሳዕ እንረኽበሎም ኣብ ኣእምሮና ናብዝን ናብትን ዘገማድሕ እምነት ኣብ ዕላማናን ኣብ ነብስናን ማለት'ዩ። ንዘጋጥሙ ሕጽረታትን መፍትሒ ዘድልዮም ጸገማትን ብዝተፈልየ ኩርናዕ ኣጠማምታ፡ ማለት ቅድሚ ሕጂ ብዘይ ተፈተነ ኣገባብ ንምፍታሕ ምሕሳብ።

ካልእ ኣብ መሃዝነት ዘድሊ ነገር እንተ'ሎ ትብዓት'ዩ። ቅድሚ ሕጂ ዘይፈተንናዮ ወይ ዘይሓሰብናዮ ክንፍትን ዘድፍረና ትብዓት። ኣእምሮና ክህልዉና ንዘኽእሉ ተኽእሎታት ክፋት ክኸውን ክንሓድጎ ኣለና። ምኽንያቱ መፍትሒ ሓሳባት ኣበየናይ እዋን ከም ዝመጽኡና ክንፈልጥ ኣይንኽእልን ኢና።

ኣብ መወዳእታ ሓያል ድልየት ክህልወና ኣለዎ። ዘጋጠመ ወላ የጋጥም ክንዕወት ናይ ምድላይ ክቱር ባህጊ፣ እቲ ኣብ ፍጻመ ስራሕና ዝርከብ ሽልማት እንታይ'ዩ፡ ዕዳ ድዩ ካሕሳ ብዘየገድስ፡ ክትዕወት ወይ ክትቅጽል ዘኽእል ክቱር ባህጊ። ከምቲ ኣልበርት ኣይንስታይን ዝበሎ 'ኣብ ዝጀመርካዮ ዕማም ከተትክል ምኽኣል ብልህነት'ዩ።'

ልዕሊ ኩሉ ከም ናይ ህጻናት ኣእምሮ ንዘጋጥም ኩሉ ኮንደኾናዊ እንተታት ክንገጥሞ ይግበኣና። ዕድመ ቍልዕነት እቲ መሃዝነትና ፈለማ ዝገሃደሉ እዋን'ዩ። እዚ ናይ መሃዝነት ተፈጥሮኣዊ ትዕድልትና ከም ዝነበሮ ክዓቢ ወይ ክኹለፍ ከኣ ኣተዓባብያና ወይ ከባቢና ይውስኖ። ኣብ ጉዕዞ መሃዝነትና ግዳ ከም ናይ ቈልዑ ኣእምሮ ክህልወና'ዩ ዝምረጽ።

ቅድሚ ኣስታት ክልተ ሚእቲ ዓመታት ኣቢሉ ዝተኻየደ ኢንዳስትሪያዊ ሰውራ ዘስዓቦ ፍሉይ ነገር ኣሎ። ሰባት ንፋዓት ሰራሕተኛታትን ንዝተባህልዎ መምርሒታት ዘተግብሩን ንክኾኑ ዝምልምል ስርዓት-ትምህርቲ ከም ዝተኣታቶ'ዩ ገይሩ። ጽቡቕ ዕድል ኮይኑ ኣብዚ መዋእል ዘሎ ስርዓት-ትምህርቲ፡ ቈልዑ ብነጻ ንኽሓስቡ፡ መሃዝትን ፈጠራውነትን ዘለዎም ክኾኑ ብዝሰፍሐ ዕድል ዝህብ'ዩ።

ኣብ ንሰርሓሉ ትካል ብዘቕረብናዮ 'ንእሽተይ' ሓሳብ ሓደ ዓቢ ክሳራ ኣድሒንና ንኸውን። ወይ ኣብ ውሽጢ ስድራና ንዘጋጠመ ዘይምርድዳእ ክንፈትሕን ክንኣልን ክኢልና ንኸውን ኢና። ብተወሳኺ ኣብ ሓደ ውሱን ዓውዲ ተውህቦ ከም ዘለና ተነጊርና ክኸውን ይኽእል'ዩ። እቲ ኣገዳሲ ሕቶ እምበኣር፡ ነዚ ተውህቦና ንምዕባይ እንታይ ጌርና? ዝብል'ዩ። በቲ ልሙድ ናይ መዓልታዊ ህይወት ሃለኽለኽ ድዩ ተዓቢጡ ክተርፍ? እቲ ብተፈጥሮ ዝተዓደልና ትዕድልቲ ንምዕባይን ናብ ፍረ ንምብጽሑን እንታይ ንገብር ኣለና? ከምቲ ስቴፈን ናክማኖቪች፡ "እቲ ካብ ኩሉ ዝዓበየ ንቕሓት እቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ቈልዓ'ዩ፡" ዝበሎ ነቲ ኣብ ውሽጥና ዝርከብ መሃዝን ፈጣርን ክእለት ክንጥቀመሉ ይግበኣና።

ካብ Unleash the Creative New You ዝተተርጎመ።

ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## ድንድል ክልተ ኣሕዋት

ኣብ ሓደ ደምበ ክልተ ኣሕዋት ጐሮባብቲ ነበሩ። ክልተኦም ን40 ዓመት ጐድኒ ጐድኒ ብምዃን ሓሪሶም፡ ማሺነሪ ተለቓቒሖም፡ ዕሱባት ተለዋዊጦም፡ ኮታ ኩሉ ነገሮም ብፍቕሪ ይገብሩዎ ነበሩ። ድሕሪ'ዚ ኹሉ ናይ ፍቕሪ ዓመታት ግን ሓደ መዓልቲ ብዘይ ጠቕሚ ናይ መረዳእታ ፍልልይ ተፈሓፍሑ። ዓቢ ፍልልይ ተፈጥረ። ክሳብ ምጽርራፍ በጺሖም ንሰሙናት ተኻተቱ።

ሓደ ንግሆ ኣብ ገዛ እቲ ዓቢ፡ ሓደ ጸራቢ ዕንጸይቲ መጺኡ ኳሕኵሐ። ጆን መጺኡ ከፈቶ።

"ስራሕ'የ ደልየ። ጸራቢ ዕንጸይቲ እየ፣ ኣነ ክሰርሖ ዝኽእል እንተ'ለኩም ግዳ ኣሰርሑኒ፡" በለ ጸራቢ ዕንጸይቲ።

"ብዓጀባ!" በለ ጆን፣ "ንስኻ እትሰርሖ ዓቢ ዕዮ ኣሎኒ። ኪንዮ'ዚ ሩባ ዘሎ ሕርሻዶ ትርእዮ ኣለኻ?" በሎ ንጸራቢ ዕንጸይቲ። ጸራቢ ዕንጸይቲ ርእሱ ጠውዩ ብምዕዛብ ብርእሱ ብእወታ መለሰሉ። ቀጸለ ጆን፤

"ጐሮቤተይ እዩ፣ ግደ ሓቂ ምንኣስ ሓወይ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት እዚ መንጎና ዘሎ ቦታ ለምለም ሻኻ እዩ ነይሩ። እታ ቡልዶዘሩ ወሲዱ ነቲ መዕገቲ ወሓዚ ኣልዩዎ። ሕጂ ኣብ መንጎና ሻኻ ዘይኮነ ሩባ'ዩ ዘሎ። እዚ ኸኣ ንዓይ ከሕርቕ ዝገበሮ እዩ። ኣነ ኸኣ ዝበለጸት ሓሲበሉ ኣለኹ። ኣብቲ መኽዘን ዘሎ ኵምራ ኣጉናድዶ ይረኣየካ ኣሎ?" በሎ ነቲ ኣብ መኻዚኖኡ ተጸፍጺፉ ዝነበረ ኣጉናድ እናኣመልከተ። ጸራቢ ዕንጸይቲ ሕጂ'ውን ገጹ ጠውዩ ተዓዚበ'ሞ ብእወታ መለሰሉ።

"ስለዚ እዚ ናብዚ ጐሮቤተይ ዘብል ዘሎ ወገን ኵሉ፡ ብ2.5 ሜትሮ ሓጹር ክትሓጽረለይ ኢኻ። ንዕኡን ቦታኡን ደጊም ክርኢ ኣይደልን'የ፡" ብምባል እቲ ዝሰርሖ ስራሕ ገለጸሉ።

"እዚ ኹነታት ተረዲኡኒ ኣሎ መስለኒ። መሳምርካን ምኹዓቲኻን ኣበይ ከም ዘሎ ኣርእየኒ'ሞ ስርሐይ ባህ ብዝብለካ ገይረ ንምስራሕ ክጅምር፡" በለ እቲ ጸራቢ ዕንጸይቲ። ጆን ከኣ ኵሉ ዘድልዮ ብምቕራብ ገዲፉዎ ክዘናጋዕ ከተማ ኣተወ።

እቲ ጸራቢ ዕንጸይቲ ኣጉናድ እናሰሓበ፡ እናጸረበ፡ እናዓቀነን እናሰመረን ክሰርሕ ወዓለ። ጸሓይ ዕራብ ኰይኑ ጆን ናብ ገዛኡ ኣብ ዝምለሰሉ ዝነበረ እዋን፡ እቲ ጸራቢ ዕንጸይቲ ስርሑ ወደአ። ጆን ትኽ ኢሉ ናብቲ ጸራቢ ዕንጸይቲ ገጹ መጽአ'ሞ ብዝረኣዮ ክኣምን ኣይከኣለን። ኣብ ዘለዎ ኣፉ ክፊቱ ደረቐ። እቲ ዝተጸበዮ ሓጹር ኣይተሰርሐን፣ ኣክንድኡ ነቲ ኣብ መንጎኡን ሓውን ዘሎ ሩባ ዘሳግር ድንቂ ድንድል ተሰሪሑ ጸንሑ። ነቲ ድንድል ርእዩ ከይወደአ ምንኣስ ሓው በቲ ሓደ ወገን ክመጽእ ተዓዘቦ።

"ንስኻ ሓላል ኢኻ ሓወይ! ብዙሕ ኢለካን በዲለካን ከለኹስ ድንድል ከኣ ሰሪሕካ?" ክብል ተዛረበ እቲ ንእሽተይ። ክልተኦም ኣብ ክልተኡ ጫፍ ናይቲ ድንድል ነበሩ። ናብቲ ማእከል ድንድል ቀሪቦም ድሕሪ ምዝርራቦም ተሓቛቝፎም ተሰዓዓሙ። ናብቲ ጸራቢ ዕንጸይቲ ምስ ተመልሱ ኣቕሑቱ ብምጥርናፍ ኣብ ዝባኑ ክጸውር ኣርከቡዎ። "ምስና ጽናሕ ካልእ እንህበካ ስራሕ ኣሎና፡" ክብል ሓተተ ጆን።

"ኣይፋልየን! ክጸንሕ ደስ ምበለኒ ግዳ ካልእ ዝስራሕ ድንድል ኣሎኒ፡" ብምባል ተፋነዎም። ኩሉ ግዜ ወይ ሓጹር ወይ ድንድል ምርጫ ኣሎና። እታ ሓንቲ ንጽምዋ፡ እታ ሓንቲ ኸኣ ንምትሕቝቛፍ።

***

Inspirationalstories.com

# ስድራቤት

የሴፍ ሃይለማርያም

## ሓዳር - መጥመሪ ማሕበራዊ ሂወትን ዕብየትን

*ርሑስ ሓዲሽ ዓመት 2024 ይግበረልና ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት። እዛ ዓመት፡ ኑቶም ዝተጻለእና እንፋቐረሉ፣ ንዘተቐያየምና እንዕረቐሉን ይቐረ እንበሃሃለሉን ንዘተረሓሓቕና እንተሓቛቘፈሉ ኣብ ሓዳርናን ስድራቤትናን ድማ ሰላምን ራህዋን እኣስተማቕረሉ ክትኮነልና፡ ሰናይ ምጅዋትና ንገልጽ።*

*ሓዳር መጥመሪ ኩሉ ማሕበራዊ ሂወትን ዕብየትን ደቂሰብ ምኳኑ ርዱእ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ክጅምር ከሎ ኣትሒዙ፡ ብልዑል ጥንቃቐን ብውሕሉል ኣተሃናንጻን ክሰርት ይግባእ። ከምቲ ኣብ ከውሒ ዝተሰረተ ቤት ብማዕበልን ንፋስን ዘይፈርስ፡ ኣብ ሓቅን ቅንዕናን፡ ኣብ ጽኑዕ እምነትን ክብርታትን ክልተ መጻምዲ ዝተሰረተ ሓዳር ድማ ብዝመጽእ ማዕበል ክፈርስ ፍጹም ኣይክእልን እዩ። ወርቂ ብሓዊ ተፈቲኑ መንኩ ከም ዝፍለጥ፡ ሓቀኛ ሓዳር'ውን ክሳብ ክልቲኦም መጻምዲ ብሂወት ዘለዉ መማሊሱ እናደመቐን እናተኸዕለወን ደኣ ይቕጽል እምበር፡ ኣይዓኑን እዩ።*

*እቲ ሓቂ እዚ ክኸውን፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ዝምስረቱ ዘለዉ ገለ ገለ ሓዳር ግና፡ ኣመና ዘሰክፉ እናኾኑ እዮም ዝመጽኡ ዘለዉ። እሞ፡ ብኢጋጣሚ ሓዲሽ ዓመትን ዘሰናዩ ወርሒ ድማ ብዙሓት ፍቑራት ሓዳር ዝምስርቱሉ (ዝሞርዓወሉ) ብምዃኑ፡ ነቲ ዝርአ ጸገም ኣብ ምፍታሕ እንተሓገዘ ብምባል ናብ'ዚ ዝስዕብ ዘዳለናልኩም ጽሑፍ ንዐድመኩም - ሰናይ ንባብ-*

***

ኣይ ሰሙን ኣይ ሳልስቲ ጽባሕ መርዓኦም ኣብ ቤት-ፍርድን ካልእን ኮሉል ዝበሉ መጻምድቲ ምርኣይ መቸስ ዘደስደምም ኣይኮነን። “ዋእ፡ እዚኦቶምሲ ናይ ብሓቂ ንኸፋትሓ እዮም ተመሪዖም” ክሳብ እትብል'ውን ይገብረኻ። ጠንቂ ቈሶም ወይ ክፋትሓ ምድላዮም ምስ እትሓትት ድማ፡ ‘ኣይደለዩቶን - ኣይደለያን’፣ ‘ኣብ ፍቕሪ ከምቲ ዝተጸበዩቶ ኮይኑ ኣይጸንሖን’ ወይ ‘ከምቲ ዝተጸበያ ኮይና ኣይጸንሓቶን’ ወዘተ ዝብል ዘስደምም መልሲ ይወሃበካ።

“ዋእ! ንሓድሕዶም ከይተፋለጡ ወይ እኹል መረዳእታ ከይረኸቡ ደየም ተመሪዖም?” ግርህና ዝተሓወሶ ሕቶ ምስ እተስዕበ'ውን፡ “ንረብሓ ክትብል'ያ ተመርዕያቶ ወይ ንረብሓ ክብል'ዩ ተመርዒዩዋ” ዝብል ፍልይ ዝበለ፡ ግን ከኣ ናብ ሓቅነት ጠንቂ ናይ'ቲ ምፍትሖም ዝቐረበ መልሲ ትረክብ። ነቲ ጉዳይ መመሊስካ ምስ እትፍትሾ ከኣ፡ ዝያዳ ዘስደምም መልሲ ይወሃበካ፡ “ወይ ጉድ! ሓዳርሲ ቢዝነስ ኮይኑ፡ ብገንዘብን ካልእን ክዕደግ? ‘ኣብ'ዛ ዓለምሲ ዘይተፈገረ'ምበር ዘይተገብረ የለን’ ክበሃልስ እባ ሓቂ'ዩ” ድማ ትብል።

ሓዳር ሂወት መጻምዲ ደኣ'ምበር ንግዲ ኣይኮነን። ሓዳር መግለጺ ፍቕሪ መጻምዲ እምበር ብገንዘብን ዝኸን ዝዕደግ ኣይኮነን። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግና፡ ትርጉምን ዕላማን ሓዳር ብዮዘብእ ካብ ዘይምርዳእ፡ ንሓዳር ከም ንግዲ ብምርኣይ ብዙሓት መንእሰያት፡ ሓዳር ከምስርቱን ናብ ምስረታ ሓዳር ክኸዱን ይርአዩ ኣለዉ። እቲ ኪጋጥሞም ዝኽእል ዕጫ ግን ሓደን ዘይተቐያየርን'ዩ - ወዲሉ ሓዲሩ፡ ነዊሑ ሓጺሩ ፍትሕ'ዩ ማለት'ዩ። “ቁርበት ኣብ ምንታያ ተበላሽያ - ኣብ ምንፋሓ፣ ኣይፋሉን ኣምጥቡላ” ከም ዝበሃል፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ኪጋጥሞም ዝኽእል ፍትሕ፡ ኣብ ትርጉምን ዕላማን ሓዳር ዘለዎም ዝሕበዕ መረዳእታ'ዩ ዝኸውን ዘሎ። ሓዳር በቲ'ኻ ሓዳር ክትምስርት ምፍታንን ድማ ካብ'ዚ ኣጉል እምነት'ዚ ዝተበገሰ'ዩ። ስለዚ፡ ሓዳር ንመጻምድቲ ማስዋእቲ ክትከውን እትኣትዎ፡ መሰረት ኩሉ ማሕበራዊ ሂወትካ ምኳኑ ምርዳእ ከድሊ እዩ። ዕላማኻን ራድእኻን ጨቢጥካ ዕወት ሂወት ንኽትመርሕ ዝገበርካ ወህብቶ ወይ ጸጋ ድማ'ዩ። ስኣን ዕወት ሓዳር፡ ማሕበራዊ ሂወቶምን ስርሖምን ተዘሪጉ ኣብ ሕማቕ ዝወደቑ ሰባት ብዙሓት'ዮም። ስለዚ፡ ኣብ ኣማሰራርታ ሓዳር ዝግበር ሸለልትነትን ዘይብስሉነትን፡ ብዙሕ ዋጋ ዘኽፍል ምኳኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ፍትሕ ብልዑል ናህሪ እናወሰኸ ይመጽእ ከምዘሎ ነጋሪ ዘድልዩ ኣይኮነን። ናብ ፍትሕ ዘብጽሑ ዘለዉ ጉዳያት ግን መብዛሕትኦም ክውገዱ ዝኽእሉ'ዮም። እቲ ዝፍጸም ዘሎ ፍትሕ፡ ብዘይ ምስትውዓልን ንትርጉም ሓዳር ብዕምቈት ዘይምርዳእን'ዩ። ዝበዝሑ መጻምድቲ ቀልጢፎም ኣብ ፍትሕ ዝበጽሑ ዘለዉ ከኣ ተታሊሎም ወይ ብጌጋ ሓሳባት ተደናጊሮም እዮም። ምኽንያቱ፡ ምስ ተፋትሐ ብሰንኪ ዘይብስል ኣተሓሳስባኦም ከምዝጥዕሱ'ዩ ዝነገሩ። እዚ እቶም ዝተፋታሕኩም እትምስክሩዎ ሓቂ'ዩ።

ቀጺልና'ምበኣር፡ ንሓዳር ናብ ፍትሕ ዘውድቑ ብመጸናዕቲ ዝተለለዩ ሽውዓተ ግጉያት መረዳእታታት ከቕርበልኩም ኢና። ኩልኹም መጻምድቲ ብሓፈሻ፡ ኣብ ዘይምርድዳእ እትርከቡ ድማ ብፍላይ፡ ኣንቢብኩም ኣብ ሓዳርኩም ንዘጋጥመኩም ጸገማት ኣብ ምፍታሕ ክትጥቀሙሉ ምዕዳና'ሉ፡-

1. **“ኣብ ሓዳር ውልቃዊ ሓጎስ ቀዳምነት ምስራዕ”፡** ሓጎስ ዘጽላእ ኣይኮነን። ክሕጎሰን ደስታ ክሰምዖን ዘይደሊ ሰብ ድማ የለን። ሓጎስ ጥዑና ምኳኑ'ውን ብዙሓት መጽናዕትታት ዘረጋገጽዎ ሓቂ'ዩ። ሓደ ዝተሓጎሰ ሰብ ካልኦት ብጾቱ - ብፍላይ መቕርቡን ኣዕሩኽቱን... እውን ምስኡ ሓቢሮም ክሕጎሱ'ዩ ዝደሊ። ንበይንኻ ሓጎስ፡ ሓጎስ ክኸውን ኣይክእልን። ንበይንኻ ጥራይ ክትሕጎስ ምድላይ'ውን ጥዑና ዘለዎ ሓጎስ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ክሕጎስ ዝኽእል ኣብ ውልቃዊ ሓጎስ ዘይኮነ ኣብ ሓባራዊ ሓጎስ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። ብፍላይ ኣብ ሓዳር ዝርከቡ ሓጎስ ብኽልቲኦም መጻምድቲ'ዩ ክስተማቐር ዘለዎ። ኣብ ውሽጢ ሓዳር ውልቃዊ ሓጎስ ምድላይ ግዱ ዕላማ ሓዳር ኣይኮነን። ኣብ ሓዳር እቲ ሓቀኛ ሓጎስ ዝርከብ ንመጻምድኻ ብእትልግሶ ወይ ብእትኸፍሎ ኩሉ መዳያዊ መስዋእቲ'ዩ። ኣብ ሓዳር ብልውቕኻ ዝርከብ ሓጎስ ግን ምሉእ ሓጎስ ክኸውን ኣይክእልን። ምኽንያቱ እቶም መጻምድቲ ክልቲኦም ሓደ ኣካል ብምዃኖም፡ እቲ ሓደ እናተሓጎሰ እቲ ካልእ ክጉሂ ግቡእ ስለዘይኮነ። ኣብቲ ቅኑዕ መረዳእታ ሓዳር ዝርከቡ መጻምድቲ ግና ክልቲኦም ብሓደ'ዮም ክሕጎሱን ክጐሃዩን ዝግብኡ። ስለዚ ኣብ ሓዳር ውልቃዊ ሓጎስ ሃሰው ምባል ከምኡ'ውን ንፍትሕ ከም ፍታሕ ርኢኻ ውሳነ ምውሳድ፡ ቅኑዕ መንገዲ ኣይኮነን። እቲ ቅኑዕ መንገዲ፡ ክልተኻ መጻምድቲ ሓቢርካ እትሕጎሱሉ ሃዋህው ምፍጣር'ዩ። ከንጾ'ዚ፡ ንውልቅኻ ከም ዘለኻ ብልውቕኻ ሓጎስ ምድላይ ግን ብውልቅኻ ናብ ጽድፊ ምጉዓዝ'ዩ። ስለዚ፡ ኣብ ሓዳር ውልቃዊ ሓጎስ ቀዳምነት ምስራዕ ቀዳማይ ጌጋ መረዳእታ ስለዝኾነ - ነውግዶ።

2. **“ንመጻምደይ ካብ'ዚ ንላዕሊ ከፍቅሮ ኣይክእልን'የ” ኢልካ ክትፋታሕ ምሕሳብ፡-** ኣብ ሓዳር እቲ ዘሕዝን ፍጻመ ፍቕሪ ክትከስር ከሎኻ'ዩ። ኣብ ሓዳርካ ፍቕሪ ከሲርካ ማለት ኩሉ ነገር ኣብቂዑ ማለት'ዩ። ፍቕሪ ዘይብሉ ሓዳር ምምራሕ ድማ እናሞትካ ምንባር'ዩ። ኣብ ሓዳር ግን መሰረቱ ፍቕሪ ዝመውት እንተደኣ ኢልና፡ ከየፍቀርካ ክትፍቀር ኣብ እትሓስበሉ፡ ፍቕሪ ከይሃብካ ፍቕሪ ክትረኽብ ኣብ እትደልየሉ እዋን'ዩ። ፍቕሪ ግን ምስ ሃብካ'ዩ ዝወሃበካ - ማለት ፍቕሪ ኣብ ምሃብ'ዩ ዝነብር። ንመጻምድኻ ፍቕሪ ምስ ሃብካ ጥራይ ኢኻ ፍቕሪ ክትረክብ እትኽእል። መዓስ ተፍቅር ንዝብል ድማ፡ እቲ መልሲ፡ ኩሉ ግዜ'ዩ። ኣብ ግዜ ሓጎስን ጓሂን፡ ኣብ ግዜ ብርታዕን ድኻምን - ኮታ ኣብ ውዑይን ዝሑልን ጉዕዞ ሓዳር ከተፍቅር ግቡእ'ዩ። ብፍቕሪ ዘይግዛእ ፍጡር ስለዘየለ ኸኣ፡ ኣምሳያኡ ካብ መጻምድኻ ፍቕሪ ክትቅበል ግድን ይኸውን። ስለዚ፡ ኣብ ሓዳር ‘ንመጻምድተይ ካብ'ዚ ንላዕሊ ከፍቅሮ ኣይክእልን'የ’ ብምባል ናብ ፍትሕ ምእታው፡ ካልኣይ ጌጋ መረዳእታ ስለዝኾነ፡ ኣይንጠቐመሉ።

3. **“ውልቃዊ ዘይቅቡል ተግባራተይ ንሓዳረይ ኣይጸልዎን'የ” ምባል፡-** ካብ ሓዳርካ ወጻኢ ዘይቅቡል ተግባራት ምዝውታር እቲ ቀዳማይ መንሽሮ ሓዳር'ዩ። ንበይነይ'የ ዘለኹ፡ በዓል ቤተይ ኣይርእያንን'ዩ ዘሎ ወይ በዓልቲ ቤተይ ኣይትርእየንን'ያ ዘላ ኢልካ ካብ ሓዳርካ ወጻኢ ሕማቕ ጠባያት ምዝውታር ንሓዳር ናብ ሓደጋ ዘውድቕ ምኳኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። ብዙሓት መጻምድቲ፡ “ውልቃዊ ዘይቅቡል ተግባራተይ ንሓዳረይ ኣይጸልዎን'የ” ብዝብል ጌጋ ርድኢት ካብ መጻምድቶም ተሓቢኦም ሕማቕ ተግባራት ክፍጽሙ ይኽእሉ'ዮም። እዚ ግን ናብ ሕማቕ መንገዲ ዝወስድ፡ ኣብ መጨረሽታኡ ድማ ናብ ፍትሕ ዝወስድ ርድኢት ስለዝኾነ፡ መጻምድቲ ብኢጋኡ ነቒሖም ክቃወምዎ ዘለዎም ምኳኑ ክኢላታት ይመኽሩ። ሰብኣይን ሰበይቲን ካብታ ሓደ ኣካል ዝኾኑላ መዓልቲ ጀሚሮም፡ ብልውቀም ዝገብርዎ ነገር - ሕማቕ ይኹን ጽቡቕ - ብምግዐረ ሳዕቤን ከም ዘውርደሎም ክርድኡ ጸቡቕ'ዩ። ካብታ ዝኣሰሩ ክሳብ'ቲ ዝዓበዮ ተሓቢእካ ዝግበር ዘበለ ነገር፡ ይዕበ ይንኣስ ኣብ ሓዳር ጽልዋ ኣለዎ። ስለዚ፡ ኣብ ሓዳር ግሉጽነት ክህሉ ኣለዎ። ተሓቢኡ ሕማቕ ዝፈጽመ መጻምድቲ ኣብ ቅድሚ'ቲ ሕማቕ ዘይፈጸመ መጻምድቱ ክቕወም እንከሎ፡ ካልእስ ይትረፍ ብኣዘራርባኡን ብኣጠማምታኡን'ዩ ዝፍለጥ። ትብዖት ኣይህልዎን፡ ወዲሉ ሓዲሩ'ውን ምኽሻሑ ኣይተርፎን'ዩ። ብሰንኪ'ዚ፡ እቲ ሕማቕ ዘይፈጸመ መጻምድቲ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሕማቕ ዝፈጸመ መጻምድቱ እምነት ከቡድል ስለዝገደደ፡ ሓዳርም ናብ ዕንወት ጉዑ ይጉዓዝ። ስለዚ፡ ውልቃዊ ዘይቅቡል ተግባራትካ ካብ ሓዳርካን ካብ ሰብኻን እናጸለኻ'ዩ ዝኸይድ። ካብቲ ዝዓበየ ክሳብ'ቲ ዝኣሰ ውልቃዊ ዘይቅቡል ተግባራት ኣብ ሓዳር ቀጥታዊ ጽልዋ ከምዘለዎ ተረዲእካ ምቁራጹ ድማ ምርጫ ዘይብሉ ስጉምቲ እዩ።

4. **“በደሉ ዓቢ'ዩ ወይ በደላ ዓቢ'ዩ” ኢልካ ክትፋታሕ ምውሳን፡-** ኣብ'ዛ ዓለም ጉድለት ዘይብሉ ሰብ የለን። ይዕበ ይንኣስ ኩሉ ሰብ በደል ይፍጽም እዩ። ሓደ መጻምዲ ድማ ኣብ ልዕሊ ካልኣዩ በደል ይፍጽም'ዩ። ዘጋጥም ጉድለት ወይ በደል ድማ ሕድገት ብምግባር'ዩ ዝፍወስ። ንዘበደለካ ብምብዳል ግን ዝፍታሕ ጸገም የለን። ንሓዊ ማይ ደኣ የጥፍኦ እምበር ሓዊ ኣየጥፍኦን እዩ። በደል ድማ ብበደል ኣይፍታሕን እዩ - ይቕረታ ወይ ሽለል ብምባል እዩ ዝፍታሕ። ብፍላይ ኣብ መንጎ መጻምድቲ፡ “ሰንኻ ዝኮረፈካ ሰኑ ምጉራፍ፣ ዓይንኻ ዝወጽኣካ ዓይኑ ምውጻእ” ዝዓይነቱ ኣካይዳ ምኻድ፡ መዕለቢ ዘርከቦ ኣይኮነን። ንሓድሕዶም ንበደሉቶም ሕድገታት ክገብሩ እዮም ዝግብኡ። ተጸባጺብካ ክኸዱ ግን የብሎምን። ኣብ ሓዳር በደላትካ ምጽብጻብ ናብ ሕማቕ ከመርሓካ ግድን ስለ ዝኾነ ብኢጋኡ ምውጋዱ። ስለዚ፡ ፈውሲ ምብድዳል ይቕረ ምብሃል እዩ። ብፍላይ ከኣ ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን መሰጋገሪ ሓዲሽ ዓመት፡ ዝተጐራረፉ መጻምዲ ይቕረ ክበሃሃሉ ግዜኡ እዩ። ነዛ ኣቲናያ ዘለና ሓዳሽ ዓመት 2024፡ ብፍቕርን ምርድዳእን ክጅምርዋ እዩ ዘለዎም። ብዓበኡ'ውን ንመጻምድኻ ጥራይ ዘይኮነ ንዘበደለካ ዘበለ ሰብ ይቕረ ምባል ናብ ፍቕሪ ዝመርሓካ ጉደና ስለ ዝኾነ ነተግብሮ። እቲ ምንታይ፡ ይቕረታ ፈውሲ ቀምታ ስለዝኾነ፡ “በደሉ ዓቢ'ዩ ወይ በደላ ዓቢ'ዩ” ኢልካ ይቕረ ዘይምባል ግና ናብ ፍትሕ ዝወስድ መገዲ ጣዕሳን ጓሂን ብምዃኑ፡ ‘ንኸፋትሓ እዮም ተመሪዖም’ ከይብሃል ንጠንቀቕ።






**ይቕጽል**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሩፋኤል ሳምሶም ምባል ተረፉ፡ ሜክሮን ሳምሶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/01/24 ናብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቐረብ፡፡

ዓእሻ መሓመድ ብርሃኑ ምባል ተረፉ፡ ዓእሻ መሓመድሰዒድ ብርሃኑ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/01/24 ናብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቐረብ፡፡

ኣብ መንን ኣመልካቲ ኣልኣዝር ሃይለስላሴ ተሰፋኣ፡ ተጻዋዕቲ ወረ/ነ/ሄር ሉተ ክርስቶስ ዘርኣ ግርሙ ዘሎ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ፡ ተጻዋዕቲ ኣድራሻኦም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ን18/1/24 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቐረብ፡፡ እንተዘይቀረበም ግን ኣብዘየለውሉ ውሳነ ክወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ብመንገዲ ወለዱ ኣብሉ ያፌት ሃይለ ምባል ተረፉ፡ ያፌት ሃይለስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/01/24 ናብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቐረብ፡፡

ኣፋናን ኣብራር ዓብደልወሃብ ምባል ተረፉ፡ ኣፍናን ኣብራር ወሃብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/01/24 ናብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቐረብ፡፡

ብመንገዲ ወለዱ ኣብሉ ሳልማን ኣብራር ዓብደልወሃብ ምባል ተረፉ፡ ሳልማን ኣብራር ወሃብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/01/24 ናብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቐረብ፡፡

ከርያ ኣብራር ዓብደልወሃብ ምባል ተረፉ፡ ከርያ ኣብራር ወሃብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/01/24 ናብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቐረብ፡፡

የሰፍ ኣብራር ዓብደልወሃብ ምባል ተረፉ፡ የሰፍ ኣብራር ወሃብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/01/24 ናብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቐረብ፡፡

ሱበሪ ኣብራር ዓብደልወሃብ ምባል ተረፉ፡ ሱበሪ ኣብራር ወሃብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/01/24 ናብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቐረብ፡፡

ኣስመላሽ ግደይ በዶል ምባል ተረፉ፡ ኣስመላሽ ግደ በዱሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/01/24 ናብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቐረብ፡፡

ሄለን ጉብረክርስቶስ የሰፍ ምባል ተረፉ፡ ሄለን ጉብረክርስቶስ ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/01/24 ናብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቐረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ተመናይ

ከሳሲት ወ/ሮ ዛይድ የውሃንስ ወልደኣብ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣይጠዝብ ይልማ ሰመረ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቀረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ናርዶስ ክብሮም ማና፡ ኣደይ እትመት ኪዳ ዑቕባስላሴ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ከሳሲት ወ/ሮ ማሰኖ ጎይትኦም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ንጉሰ ከርስ ገ/ሂወት ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ኣዜብ በርሀ ጺጋይ፡ ኣቦይ በርሀ ጺጋይ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ኣቶ ሙሴ ሓደራ ዑቕበ፡ ኣደይ ምብራቅ ጉብረየውሃንስ ኣብርሃ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ ኣልማዝ ልብሰ ተሰፋልደት፡ በዓል ቤተይ መም. ተስፉማርያም ኣስፍሃ ኣስገዶም ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ብፍ/በዓል ማሰል ወ/ሮ ትብለጽ ማሰፍን፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ብርሃ ሓገስ ዘምሉ 1. መንግስትኣብ ብርሃ 2. ምሕረት ብርሃ 3. የሴፍ ብርሃ 4. ማሀሌት ብርሃ 5. ልኡላ ብርሃ 6. ጉት ብርሃ 7. ሚካኤል ብርሃ 8. ወይኒ ብርሃ 9. ሸዊት ብርሀ 10. ጸገ ብርሃ ናይ ገዛዘብ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ኤደን ተኣምራት ሃይሉ፡ በዓል ቤተይ ኻልድ ነጋሽ ሰዒድ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ሃብቶም ኢልያስ ዑ/ሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሐሴን ኣደም ጀዕር፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ ኣማን ኣፍወርቂ፡ ኣደይ ሃይማኖት ጉብረሂወት ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጉዳይፍ

ኣቶ ሃብቶም በኣደ ምሕሱ፡ በዓልቲ ቤተይ ደርግኣለም ሓይላይ ጉብረስላሴ ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ወ/ሮ ሮማ ኣብርሃ ወልደየሱስ፡ በዓል ቤተይ ሰመረኣብ ተኽለ ክፍላይ ስለዝዘሰውኦ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ወ/ሮ ምብራቅ የማነ በርሀ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ክፍላይ ኣጠ ሃብተኣብ ስለዝዘሰውኦ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ወይኒ ጉብረመድህን ተስፉማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኖህ ዳኒኤል ተኸስተ፡ ማኪና ቁጽሪ 1.06530 ኣውቶ ሰርሓት ጣልያን ሸየጠለይ ናብ ስመይ ክየመሓላለፈለይ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ ይጸወዓለይ ስለዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ከሳሲት ወ/ሮ ሓበን ጉብረትንሳኤ ሃብቱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳሚ ዓብዱ እድሪስ፡ በዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ሓውሻ

ወ/ሮ ብርኽቲ ጉብራይ ተሰፉዝጊ፡ በዓል ቤተይ መንግስትኣብ ወልደሚካኤል ጉብርኣብ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ-ተከሌዛን

ኣቶ እፍሬም ሰለሙን ኪዳ፡ ኣደይ ግደይ ኣምለሶም ኣሰፉሃ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ወኪ.ድባ

ወ/ሮ ኑብያት ተኽለ ዑቕባሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ጉብረህወት በርሄ እምሃ ስለዝዘሰውኦ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ሞንጎቲ

ጉት ማሰፍን ሙብራሁቱ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ኣማኑኤል ዓንደማርያም መሓሪ ስለዝዘሰውኦ፡ ኣነ ምስ 3 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ኣብርሀት መሓሪ ዑቕበ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ሃይለማርያም ተወልዲ ንጉሰ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ሰለሞዊት ታፈረ ማሰፍን ምባል ተረፉ፡ ሰላም ታፈረ ማሰፍን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/01/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ፍረሂወት ኪዳ በርሁ ምባል ተረፉ፡ ፍረህይማኖት ኪዳ ባይሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/01/24 ናብ ቤ/ፍ 1 መጋባእያ ይቐረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ዕዳጋ

ኣቶ ጉብረሚካኤል ሰለሙንን ወ/ሮ ኪዳን ሙብራሁቱ፡ ሃይለን፡ ወድና ኣማኑኤል ጉብረምካኤል ሰለሙን ስለዝዋረረ፡ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለዘይብሉ፡ ንሕና ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሓናን ማሕሙድ ጉግል ምባል ተረፉ፡ ኣድሓኑት ማሕሙድ ጉግል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/01/24 ናብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

መሓመድዓሊ ኣደም ጃምዕ ምባል ተረፉ፡ ዓሊ ኣደም ጃምዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/01/24 ናብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ፓስኳሊና ሬኮ ጆቫኒ ምባል ተረፉ፡ ፓስኳሊና ኤኔሪኮ ጆቫኒ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/01/24 ናብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቐረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ዊንታ ጉብረትንሳኤ ጉብራይ፡ ኣቦይ ጉብረትንሳኤ ጉብራይ ተኽሉ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ ሓፍተይ ወርቁ ጉብረትንሳኤ ጉብራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/01/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡



### ምስጋና

ብሞት ኣዚና እፍቅሮ ሓውና ተጋ/ግርማይ የማነ ጻድቕ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ዘቃብርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስኩም ካብ ውሽጢ ልብኹም ወጻኢ ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ፡፡

ምሉኣት ስድራቤት




SHEGE

Fashion Style


ርሑስ ሓድሽ ዓመትን በዓል ልደትን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ እናተመነየ ትካል Shege Fashion Style ንዓማዊሉ ንምሑጓስ ፍሉይ ባህላዊ ቅዲ ክዳን ቀሪቡ መርሓባ ይብለኩም፡፡

1.ኣድራሻና ፦ከባቢ ፊያት ፊት ናቕፋ ሃውስ
2.ኣድራሻና ፦ከባቢ ቤ/ት ቀይሕ ባሕሪ
3.ኣድራሻና፦ ኣብ ኡጋንዳ ከባቢ NSAMBYA

ቁ.ቴለ 07204022 - +256757199636

www.shegefashion.com/facebook/shegefashion

SHEGE Fashion Style
+291-7204022 /Shege Fashion www.Shegefashion.com
Designer Meron Ghirmai



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ጎዳይፍን ገዛ-ባንዳን ንዋንጫ ሓሊፈን

ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ብቑጽሪ 30 ታሕሳስ ብናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታታት ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ጎዳይፍን ገዛ-ባንዳን ናብ ፍጻመ ሓሊፈን።

ፈለማ ካብ ምድብ 'ሀ' ቀዳመይቲ ኮይና ዝሓለፈት ጎዳይፍ ምስ'ታ ካብ ምድብ 'ለ' ካልኣይቲ ኮይና ዝሓለፈት ኣርባዕተ ኣስመራ ገጢማ። ቀዳማ ሸቶ ዘመዝገበት ከኣ ጎዳይፍ ነይራ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ መበል 12 ደቒቕ ካብ ቢንያም ወልደሩፋኤል ብዘመዝገቦ ሸቶ ንዕረፍቲ 1-ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን ሸቶታት ምውሳኽ ዝቐጸለት ጎዳይፍ፡ ብተኸታታሊ ካብ ዩኤል ቢንያምን ጽጋኣት ሽመንዲን ብዝቑጸረተን ክልተ ሸቶታት 3-ብ0 ተዓዊታ።

ካልኣይ ግጥም ኣብ መንጎ ካብ ምድብ 'ለ' ዝሓለፈት መሪብ ሰቲትን ካብ ምድብ 'ሀ' ዝሓለፈት ገዛባንዳን ዝተኻየደ ነይሩ። እዚ ክጽዮ ፈተነ ኣብ ክልቲኡ እብረ ሸቶ ዘይተመዝገበሉ ጸወታ፡ ብፍጹም ቅላዕ እዩ ተዛዚሙ። ገዛባንዳ ከኣ 7-ብ6 ብምዕዋት ናብ ፍጻመ ሓሊፋ። ብመሰረት እዚ ወጽኢት'ዚ፡ ጎዳይፍን ገዛባንዳን ዋንጫ ንምዕታር ክጥጣ መደብ ዝተተሓዘለን ኮይኑ፡ ናብ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ምሕላፈን እውን ኣረጋጊጸን ኣለዋ። ናይ ፍጻመን ናይ ደረጃን ጸወታ እዚ ውድድር፡ 13 ጥሪ ክካየድ ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።



## ፖስተኮግሉ፡ ብዛዕባ መጉዳእቲ ሳር ተዛሪቡ

ኣሰልጣኒ ቶተንሃም ኣንጂ ፖስተኮግሉ፡ መጉዳእቲ ተጻዋታዩ ፓፕ ማታር ሳር ኣዝዩ ከቢድ ከይከውን ስግኣቱ ገሊጹ።

ሰኔጋላዊ ማታር ሳር፡ ኣብታ ሓንቲ ሸቶ ዘመዝገበላን ጋንታኡ ንቦርንማውዝ 3-ብ1 ዝሰዓረትላን ናይ ብቐደሚ ትማሊ ጸወታ፡ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ እናነበዐ ምውጽኡ ይፍለጥ። ሰሪዚ መጉዳእቲ ከኣ ካብቲ ኣብ 13 ጥሪ ዝጅምር ዋንጫ ኣፍሪቃ 2023 ከይበኩር ተሰጊኡ ኣሎ።

ቶተንሃም፡ ዋላ'ኳ ብምልሶት በንታንኩር ሕገሰቲ እንተኾነት፡ ኣብዚ እዋን ብሰሪ ዝተፈላለየ መጉዳእቲ - ንማዲሰን፡ ሮሜሮ፡ ቫን ደ ቨን፡ ፐሪሲችን ሰሲኞንን ከሰራ ትርከብ። ፖስተኮግሉ ከኣ እዚ ወዲ 21 ዓመት ኣከፋፋሊኡ፡ ናብ ዝርዝር እዚም ኣብ ተሃድሶ ዝርከቡ ተጻወትቲ ከይኣቱ ተሰኪፉ ገሊጹ።

"ሳር፡ መጉዳእቲ ምስ ኣጋጠሞ ሕማቕ እዩ ተሰሚዑዎ። ምኽንያቱ ምስ ሃገራዊት ጋንታኡ ብምዃን ኣብ ዋንጫ ኣፍሪቃ ክሳተፍ እዩ ደሊቱ። እቲ ውድድር ንዕኡ ዓቢ እዩ።" ዝበለ እቲ ኣሰልጣኒ፡ "እዛ ወቕቲ ብሽግሚ ኢና (ንማሰልጠኒ ተጻወትቲ እዩ) ንሓልፉ ዘለና። ሳር፡ ኣብዛ ጸወታ ክጽዮ ኢታ ዘመዝገባ ሸቶ፡ ብሉጽ ብቕዓት እዩ ኣርእዩ። ኮይኑ ግና መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። በዚ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ድማ ጉሁዩ እዩ። መጉዳእቲ ኣዝዩ ከቢድ ከይከውን ድማ ተስፋ እገብር። ናብ ሃገሩ ብምኻድ ክሕግዞ እውን እምነት እዩ።" ኢሉ።

ኣብዚ ጸወታ፡ መንእሰይ ተጻዋታይ ቶተንሃም ኣለጆ ቨሊዝ እውን፡ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ተቐይሩ ወጺኡ እዩ። እንተኾነ፡ ዛጊት መጉዳእቲ ክሳብ ክንደይ ካብ ጸወታ ከምዝርሕቆ ከምዘይፈለጠ - ፖስተኮግሉ ገሊጹ።

ምስ ቶተንሃም ብዝተኣሳሰረ ዜና፡ ማታር ሳር፡ ሓዲሽ ናይ ሽዱሽተ ዓመትን ፈረቓን ውዕል ክፍርም ተሰማሚዑ። እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብዛ ወቕቲ ብሉጽ ብቕዓት ብምርኣይ ተራኡ ኣብ ምዕባይ ከምዝርከብ ተንተንቲ የረድኡ።

## ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ስለምንታይ እዮም ካልሶም . . . ?

ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ጀሚሮም ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ካልሶም (ካልሱየኖ) ነኻላት ወይ ቀዳዳት ገይሮም ክጻወቱ ተዓዚብናዮም ኣለና።

እዚ ብዙሕ ልሙድ ኮይኑ ዘይጸንሐ ተርእዮ፡ ተጻወትቲ ብዕላማ ዲያም ዝቕድዎ ዘለዉ ወይስ ኣብ ፋብሪካ እዩ ብሸምኡ ዝስራሕ ዘሎ፣ ዶስ ኣብ ሜዳ ምስ ኣተዉ እዩ ዝቕደድ ዘሎ? ዝብል ሕቶታት ኣልዒሉ እዩ። እቲ ምኽንያት ግን፡ ተጻወትቲ - ካብ መጉዳእቲ ንምድሓንን ጸቕጢ ንምፍኳስን እዮም ብዕላማ ዝቕድዎ ዘለዉ።

ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ዝለብስዎ ካልሲ፡ ጸቢብ ኮይኑ ቀጥ ኣቢሉ ዝሕዝ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ጭዋዳኦም ከቢድ ጸቕጢ ከምዝሳበረሎም መጽናዕቲ ይሕብር። ብፍላይ ኣብ እዋን ምጉያይን እግሪ ኣብ ምዝርጋሕን እቲ ጸቕጢ ዝያዳ ይብርትዕ። እዚ ኣብ እግሪ ዝሎ ስርዓተ ዑደት ደም ክዕሉ ዝኽእል ጸቕጢ፡ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ኣብ ደናጉ ንዝርከቡ ጭዋዳታት ክጽየዎም ይኽእል እዩ። ገለ ተጻወትቲ ድማ፡ ካብዚ ጸገም ንምድሓን እዮም ካልሶም ዝቕዱ ዘለዉ።

ኣብዚ እዋን ኣብ ብሉጽ ብቕዓት ዝርከብ ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ ጁድ በሊንግሃም፡ ሓደ ካብኣቶም ብቐጻሊ ቀዳድ ካልሲ ዝወድዩ ተጻወትቲ እዩ። ብራዚላዊ ነይማር፡ ኣጥቃዓይ ኣርሰናል ቡካዮ ሳካ፡ ተኸላኻሊ ማን ሲቲ ካዩል ዎከር ከኣ ገለ ካብኣቶም ቀዳድ ካልሲ ወድዮም ክጻወቱ ዝተራእዩ እዮም።

ዎከር፡ ብዛዕባዚ ክዛረብ እንከሎ፡ "እቲ ካልሲ ጠረው ኣቢሉ ስለዝሕዝ፡ ኣብ ዳንጋይ ጸቕጢ ይፈጥረለይ ነይሩ። ቀዳዳት ምስ ገበርኩሉ ግና፡ ገለ ጸወታታት ብዘይ ጸገም ኣካይደ፤ ፈቲነዮ እውን። ሕጂ እውን ይቕጽሎ ኣለኹ።" ኢሉ ነይሩ።

ብመንጽሩ፡ ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ ጃክ ግሪሊሽ፡ ካልሱ ትሕቲ ዳንጋኡ ብምውራድ ዝፍለጥ ተጻዋታይ እዩ። ዋላ'ኳ ምስ ማሪታዊ እምነት ምትእስሳር ክህልዎ ዝኽእል እንተኾነ፡ እዚ ኣለባብሳ ግን፡ ንደናጉ ካብ ጸቕጢ ዘድሕን ምዃኑ ይግለጽ። እዚ ከኣ ኑየም ካልሶም ዝቕዱ ዘለዉ ተጻወትቲ ካልእ ፍታሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ዋላ'ኳ ገለ ወገናት እዚ ተርእዮ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረን ሓዲሽ ቅዲ ዘይምዃኑን ይዛረቡ እንተኾኑ፡ ዝያዳ ግን፡ ኣብዚ እዋን ቀላሒታ ዝረኸበ ይመስል። ተዓዚቡቲ ብወገንም፡ ስለምንታይ እዮም ካልሶም ዝቕድዎ ዘለዉ ብምባል ኣብ እዋን ጸወታ ክሓቱ ይሰምዑ እዮም። እቲ ምኽንያት ከኣ ከምዚ ተገሊጹ ዘሎ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ካልሲ ካብኣቶም ቀንዲ ዕጥቅታት ተጻወትቲ ተባሂሉ ኣብ ዝርዝር ዝሰፈረ ኮይኑ፡ ቀዳድ ካልሲ ወዲኻ ካብ ምጽዋት ዝኽልክል ሕጊ ኩዕሶ እግሪ ግን ዛጊት የለን።



### ውጽኢት ቀዳመ ሰንበት ዓበይቲ ሊጋት ኤውሮጳ

**ፕሪመር ሊግ**

ሉቶን 2 - 3 ቸልሲ
ክሪስታል ፓላስ 3 - 1 ብሬንትፎርድ
ማን ሲቲ 2 - 0 ሸፊልድ
ኣስቶን ቪላ 3 - 2 በርንለይ
ዎልቭስ 3 - 0 ኤቨርተን
ኖቲንግሃም 2 - 1 ማን ዩናይትድ
ፉልሃም 2 - 1 ኣርሰናል
ቶተንሃም 3 - 1 ቦርንማውዝ

**ሰሪኣ**

ናፖሊ 0 - 0 ሞንዛ
ጀኖኣ 1 - 1 ኢንተር
ላዚዮ 3 - 1 ፍሮሲኖን
ኤሲ ሚላን 1 - 0 ሳሱሎ
ጁቬንቱስ 1 - 0 ሮማ

## ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ ቀጺሉ

ሓሙሻይ ሰሙን ኣቑጺሩ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድራት ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ዝተፈላለየ ሜዳታት ቀጺሉ ነይሩ።

ኣብዚ ብኽልተኡ ጾታ ዝካየድ ዘሎ ውድድር፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኢብራሂም ሱልጣን ንየማእታት 5-ብ0፡ ጻዕዳ ክርስቲያን ንኣስመራ ሓፈሻዊ 2-ብ0 ሰዒረናኦን። ኣብ ክሊ ዕድመ 16ን ልዕሊኡን ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ ዲያእ ንርእሲ ዓዲ 5-ብ0፡ ደማበ ሰምበል ንሰላሪቲ 3-ብ0፡ ሰማእታት ንኢብራሂም ሱልጣን 3-ብ2፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንጻዕዳ ክርስቲያን 2-ብ0፡ ሰምበል ንእምባዛራ 1-ብ0፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንማይ ኣፍሓ 2-ብ1 ኣሰኒፈናኦን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንማይ ኣፍሓ፡ ደማበ ሰምበል ንሰላሪቲ፡ ባርካ ንሰማእታት፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንጻዕዳ ክርስቲያን 2-ብ0 ክስዕራአን እንከለዋ፡ ቶኮር ንተከለ ዓንዑ፡ ሓርነት ንልምዓት ከኣ 2-ብ1 ሰዒረናኦን።

ብወገን ደቂ-ተባዕትዮ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንሚናበ ዘርኣይ፡ ዲያእ ንደቐሰብ፡ ቶኮር ንተከለ ዓንዑ፡ ልምዓት ንሓርነት፡ ባርካ ንሰማእታት፡ ደማበ ሰምበል ንሰላሪቲ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-ብ0 ኣሰኒፈናኦን። እምባዛራ ንሰምበል፡ ጻዕዳ ክርስቲያን ንኣስመራ ሓፈሻዊ፡ ማይ ኣፍሓ ንኢሳቕ ተወልደመድህን ከኣ ብተመሳሳሊ 2-ብ1 ሰዒረናኦን።

ኣብ ኩዕሶ ሰከበት ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ ሰማእታት ንጻዕዳ ክርስቲያን 103-ብ13፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንኢብራሂም ሱልጣን 33-ብ26 ከምዝሰዓርኦን ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝተረኽበ ዜና ኣረዲኡ።

## ግጥም ኩዕሶ እግሪ ትካላት መንግስቲ ይቕጽል

ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ትካላት መንግስቲ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተፈላለየ ወጽኢት ዝተመዝገበሉ ሓሙሽተ ግጥማት ኣካይዱ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ብዓርብ፡ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ንሚኒስትሪ ዜና 3-ብ0 ክትስዕራ እንከላ፡ ንግዳዊ ባንክ ከኣ፡ ንኩባንያ ሓራት 3-ብ2 ኣሰኒፋታ።

ኣብ ዝሰዓበት መዓልቲ፡ ሰለስተ ግጥማት ተኻይዶ ነይሩ። ፈለማ፡ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ንኦዲት ብገፊሕ 8-ብ2 ክትስዕራ እንከላ፡ ጋራጅ ፈንቅልን ሚኒስትሪ ዕዮን 3-ብ3 ተፈላልየን። ኩባንያ ሳዋ ድማ፡ ንሚኒስትሪ ሕርሻ 3-ብ2 ሰዒራታ።

## ፌደረሽን ኣርጀንቲና፡ ማልያ መሲ ጥሮታ ከምእትወጽእ ገሊጹ




ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣርጀንቲና፡ ሊዮኔል መሲ፡ ካብ ኣህጉራዊ ጸወታ ጫማኡ ድሕሪ ምስቃሉ፡ ኣብዛ ሃገራዊት ጋንታ ዝለበሳ ዝሎ ማልያ ቁጽሪ 10፡ ንመዋእል ጥሮታ ክትወጽእ ምውሳኑ - ፕረዚደንት እቲ ፌደረሽን ኣፍሊጡ።

ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ሳዕ ዝበለጹ ተጻወትቲ ዓለም ዝኾነ መሲ፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታኡ ክሳብ 2021 - ዝኾኑት ዋንጫ ብዘይምዕታሩ (ምስ ዓበይቲ ጸዋኣት ዘይትሕሰብ ዋንጫ ኦሎምፒክ 2008 ዓቲሩ እዩ) ኣቐንዛዊ ግዜ ምሕላፉ ይፍለጥ። እዚ ድንቂ ተጻዋታይ፡ ኣብ 2021 ኮፓ ኣመሪካ ብምዕታር ግና፡ ብማጠሉ ኮቲ "ኣብ ከለቡ እምበር ኣብ ሃገራዊት ጋንታኡ ዕወት ኣይረኸበን" ዝብል ዛዕባ ኣዙሓሒልዎ ነይሩ።

ድሕሪ 18 ኣዋርሕ እዛ ጸዋእ ከኣ ኒታ ኣርጀንቲና ኣብ 1986 ምስ ዓተረታ ን34 ዓመታት ዘማዕደወታ ጸዋእ ዋንጫ ዓለም፡ ኣብ 2022 ንኽትዓትራ መሪሕ ተራ ምጽዋቱ ይዝከር። በዚ ከኣ፡ ማዕረ'ቲ ብደገፍቲ እታ ሃገር ከም ንጉስ ዝርአን ዋንጫ ዓለም 1986 ዘዕተሮምን ዲያጎ ማራዶና ክጥመት በቒዑ ኣሎ።

ፌደረሽን ናይ'ዛ ላቲን ኣመሪካዊት ሃገር፡ መሲ፡ ኣብ መውዳእታ ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብ ዝርከበሉ ዘሎ እዋን፡ ንኽብሩ ክብል ማልያኡ ድሕሪኡ ዝለብስ ተጻዋታይ ከምዘይህሉ ወሲኑ ኣሎ። "መሲ፡ ካብ ሃገራዊት ጋንታ ጥሮታ ምስ ወጽአ፡ ድሕሪኡ ዝኾነ ተጻዋታይ ንማልያ ቁጽሪ 10 ክለብሳ ኣይክንፍቅደን ኢና። እዛ ማልያ፡ ንኽብሩ ንመዋእል ጥሮታ ክትወጽእ ኢያ። ንዕኡ ክንገብረሉ እንኽእል እዚእ ኢያ።" ይብል ፕረዚደንት ናይ'ቲ ፌደረሽን ክላውዲዮ ታፒያ።

ኣብዚ እዋን ምስ ኢንተር ሚያሚ ዝጻወት ዘሎ መሲ፡ ኣብ 17 ነሓሰ 2005 - ወዲ 18 ዓመት እንከሎ፡ ቀዳመይቲ ናይ ዓበይቲ ኣህጉራዊ ጸወታኡ፡ ኣብ ምሕዝነታዊ ግጥም ምስ ሃንጋሪ ኣካይዱ። ኣብ መበል 64 ደቒቕ ተቐይሩ ኣትዩ ድሕሪ ክልተ ደቓይቕ ብቐይሕ ካርድ ብምብራሩ ግና 'ሕማቕ ታሪኽ' ኮይና ተመዝጊባትሉ ትርከብ። ካብቲ እዋን ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ኣብ 180 ግጥማት ማልያ ሃገሩ ለቢሱ 106 ሸቶታት ኣመዝጊቡ።

ኣርጀንቲና፡ ኣብ 1978 ቀዳመይቲ ዋንጫ ዓለም ክትዓትር እንከላ፡ ነዛ ማልያ 'ማሪዮ ከምፐስ' እዩ ለቢስዋ ነይሩ። ኣብ 1986 ንኻልኣይ ግዜኣ ክትጭብጣ እንከላ ከኣ ማራዶና ወድዩዋ ምንባሩ ይፍለጥ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ፕሪመር ሊግ
ዌስትሃም - ብራይተን 10:30 ምሸት

**ላሊጋ**

ቫለንሺያ - ቪያሪያል 11:30 ምሸት

# ዜና ወጻኢ


ተስፋኣለም የማነ

## “ታይዋን፡ ብርግጽ ናብ ቻይና ክትምለስ እያ” ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ

ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና - ሺ ጂን ፒንግ፡ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ናብ ህዝቡ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቱ፡ ደሴት ታይዋን ርሑቕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ምስ ቻይና ዳግማይ ክትሓበር ምኳና ርግጸኛ ኰይኑ ተዛሪቡ።

እቲ ፕረዚደንት ዝሓበሮ'ዚ ዘመሓላልፎ፡ ታይዋን ዝመጽእ 13 ጥሪ ወሳኒ ምርጫ ንምክያድ ኣብ እትቀራረበሉ ዘላ እዋን እዩ።

ፕረዚደንት ሺ ኣብ መልእኽቱ ብዘወሰኾ፡ ካብቲ ቅድሚ ሎሚ ዘሰምዕዎ ዝበረ ተመሳሳሊ መግለጺ ትርር ብዝበለ ቃና፡ “ህዝብታት ታይዋንን ቻይናን ፈጺሞም ተፈጻሊሞም ክነብሩ ዘይክእሉ ሓደ ስድራቤት እዮም” ክብል እውን ገሊጹ።



ተንቀሳቒት ፖለቲካ ዞባ ከምዝሕብሩዎ፡ ህሪቻይና ነቲ ኣብታ ደሴት ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ ምርጫ ንምጽላው ክተካይዶ ዝጀመረቶ ወተሃደራዊ ጸቕጢ መሊሳ ኣሐዪላቶ ኣላ።

ኣስታት 23 ሚልዮን ህዝቢን ከባቢ 300 ሽሕ ንጡፍ ሰራዊትን ሒዛ ብዓላ ብዓላ እትመሓደር ዘላ ደሴት ታይዋን፡ ኣብ ትሕቲ ቻይና እትኣትወሉ ግዜ እናተቓረበ ይመጽእ ከምዘሎ እዮም ነቲ ኩነታት ዝከታተሉ ዝተፈላለዩ ወገናት ዝገልጹ።

እንተኾነ፡ ቅልጡፍ ቁጠባዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ቴክኖሎጂያውን ሳይንሳውን ኩነታት ቻይና ስግኣት ዝፈጠረላ ኣመሪካ፡ ነታ ሃገር ንምድራት ክትብል ንጉዳይ ታይዋን ከም መጋለዒ ካርታ ትጥቀመሉ ብምህላዋ፡ ክልቲአን ዓበይቲ ሃገራት ምስ ግዜ ናብ ሓደገኛ ወተሃደራዊ ግጭት ከምርሓ ከም ዝኽእላ እውን ወገናት ወሰኽም ይሕብሩ።

ቻይና፡ ሕጂ እውን ኣንጻር'ቶም ንታይዋን ብሰላማዊ መንገዲ ናብ ሕቝፎኣ ንኸይትምለስ ዕንቅፋት ዝፈጥሩ ዘለዉ ናይ ደገ ሓይልታት፡ ኩሉ ኣድላዪ ዝበለ ስጉምቲታት ናይ ምውሳድ ኣማራጺ ኣብ ቦታኡ ከምዘሎ ብምግላጽ ደጊማ ኣጠንቂቓ ኣላ።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ቀይሕ-ባሕሪ ንየመናውያን ዕጡቓት ኣጥቂዓ

ኣብ ማያት ቀይሕ-ባሕሪ ተዋፊሩ ዘሎ ሓይሊ-ባሕሪ ኣመሪካ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ንግሆ ኣብ ልዕሊ የመናውያን ዕጡቓት ሓቲ ብዝፈጸሞ መጥቃዕቲ ከቢድ ንዋታውን ሰብውን ክሳራ ከምዘውረደ ኣፍሊጡ።

ማእከላይ እዚ ኣመሪካ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ሄሊኮፕተራት ወግእ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ብዘፈጸሞኦ ደብዳብ፡ ሰለስተ ወተሃደራውያን ጀላቡ ሓቲ ተወቒዐን ክጥሕላ እንከለዋ፡ ምስኦተን ዝነበሩ 10 ዕጡቓት ድማ ብምሉኦም ከምእተቐትሉ ገሊጹ።

እቲ ወተሃደራዊ እዚ ኣብ ሓበሬታኡ ብዘወሰኾ፡ ኣርባዕተ ጀላቡ ዝሓዙ የመናውያን ዕጡቓት፡ ጥንዲራ ሲንጋፖር ሰቒላ በቲ መስመር ትሓልፍ ንዝነበረት ‘Maersk Hangzhou’ ዝተባህለት ናይ ጽዕነት መርከብ ብምጥቃዕ ናብ ዝብኗ ደዩቦም ክጨወዩዋ ኣብ ዝፈተኑሉ እዋን፡ ኣብቲ ከባቢ ካብ ዝነበረት ደርማስ ወተሃደራዊት መርከብ ወግእ ኣመሪካ ዝተበገሳ ሄሊኮፕተራት ግብረ-መልሲ ከምእተዋህቦም ኣመልኪቱ።

እንተኾነ፡ ብዛዕባ ኣብታ ንግዳዊት መርከብ ዝወረደ ጉድኣት ኣመልኪቱ እቲ ወተሃደራዊ እዚ ዝሃቦ ዝኾነ ሓበሬታ የለን።

የመናውያን ዕጡቓት፡ ነታ መርከብ ብንኣሽቱ ወተሃደራውያን ጀላቡ ቅድሚ ምጥቃዖም፡ ክልተ ጸረ-መራኽብ ባለስቲክ ሚሳይል ወንጨፎምላ ከምዝነበሩ፡ እንተኾነ ሓይሊ-ባሕሪ ኣመሪካ ንክልተኡ ሚሳይል ኣብ ህዋ እንከሎ ከምዘበርዓቶ እዩ እቲ ሓበሬታ ዘረድእ።

እቲ ፍጻመ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ማያዊ መስመር ቀይሕ ባሕሪ ተኸሲቱ ዘሎ - ንድሕነት ንግዳውያን መራኽብ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተጋደደ ይመጽእ ከምዘሎ ዘርኢ ምኳኑ'ዩም ተንተንቲ ፖለቲካ ዘገንዘቡ።

ብመሰረት እቶም ተንተንቲ፡ የመናውያን ዕጡቓት ሓቲ ካብ 19 ሕዳር ንደሓር ጥራሕ ኣብቲ ኣህጉራዊ ማያዊ መስመር ዛጊት 23 ግዜ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለየ መራኽብ መጥቃዕቲ ፈጺሞም ኣለዉ።

እቶም ዕጡቓት፡ እቲ ‘ምስ እስራኤል ምትእስሳር ኣለወን’ ኣብ ልዕሊ ዝበሉወን መራኽብ ዘካይዱዎ ዘለዉ መጥቃዕቲታት፡ ነቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን እትፍጽሞ ዘላ ህልቂት ግብረ-መልሲ ንምሃብ ምኳኑ'ዮም ዝገልጹ።



## ቬነዝዌላ፡ ሰራዊታ ኣብ ዶብ ጋያና ዓሪዱ ክጸንሕ ምኳኑ ኣፍሊጣ

ብጉዳይ ዋንነት መሬት ምሽታ ጉረቤታ ዝኾነት ጋያና ኣብ ከቢድ ወጥሪ እትርከብ ቬነዝዌላ፡ ኣብ ዶብ ዓሪኩ ዝርከብ ሰራዊታ፡ ወተሃደራዊት መርከብ ወግእ ብሪጣንያ ካብቲ ከባቢ ክሳብ እትርሕቕ፡ ኣብ ቦታኡ ክጸንሕ ምኳኑ ገሊጹ።

ሚኒስተር ምክልኻል ቬነዝዌላ ቭላድሚር ፓድሪኖ ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብሉ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ሓድሽ ወተሃደራዊ ምትእትታው ብሪጣንያ ኣብ ጋያና፡ ሃገሩ ልኡላውነታን ግዝኣታዊ ሓድነታን ንምውሓስ - ሰራዊታ ኣብ ዶብ ከተዕስኽር ኣገዲዱዋ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ቬነዝዌላ ኣብቲ ምስ ጋያና ዘራኽብ ምብራቓዊ ዶብ ጥራሕ ዘይኮነ፡ እንተላይ ኣብቲ ምስ ካልኦት ሃገራት ዘራኽብ ዶባት እውን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ወሲዳ ከምዘላ ኣመልኪቱ።

እታ ወተሃደራዊት መርከብ፡ ጋያና ካብታ ቀደም ግዝኣታ ዝነበረት ብሪጣንያ ወተሃደራዊ ደገፍ ከምዝዩንሬጋ ንምርግጋጽ እዩ ናብ ማያዊ ኣካል'ታ ደቡብ ኣመሪካዊት ሃገር ከምዝተላኣኸት ዝሕበር።



ቬነዝዌላ ነቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ጋያና ከምዘሎ እትገልጾ - ብዕቛር ነዳዲ ዘይቲን ካልእ ክቡራት ማዕድናትን ሃብታም ዝኾነ ‘ኢሰኩቦ’ ዝተባህለ ግዝኣት ንምምላስ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ዘየደቶን ልዕሊ 95% ካብ ኣደመጽቲ ነቲ ኣጀንዳ ዝደገፉሉን ረፈረንደም ነቲ ወጥሪ መሊሱ ከምዘጋረሮ ዝገለጹ።

ኣስታት 800 ሽሕ ህዝቢ ጥራሕ ዘለዋ ጋያና፡ እቲ ኣከራኻሪ ግዝኣት ልዕሊ ክልተ ሰሶ ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬታ ከምዝሽፍን እያ እትገልጽ።

ኣብኡ እተካየደ ዘሎ ንጥፈታት ዕደና ድማ፡ ዓመታዊ ኣስታት ሓደ ቢልዮን ዶላር እቶት ትረኽበሉ ከምዘላ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት የመልክቱ።

ብመሰረት እቶም ጸብጻባት፡ ቬነዝዌላ ኣስታት 235 ሽሕ ንጡፋት ወተሃደራት ዝሓቖፈ ገዚፍ ሰራዊት ክህልዋ ከሎ፡ ጋያና ግን 3 ሽሕ ወተሃደራት፡ 200 ባሕረኛታትን ኣርባዕተ ንኣሽቱ ናይ ሓለዋ ጀላቡን ጥራሕ ኣለዋ።

## ዶናልድ ትራምፕ፡ ‘ኣመሪካ ሓድሽ ቁጠባዊ ድስካለ የንጸላልዋ ኣሎ’ ኢሉ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝነበረ ዶናልድ ትራምፕ፡ ምምሕዳር ጆ ባይደን ኣብ 2024 ክቕጽል እንተዘይክኢሉ፡ ቁጠባ ኣመሪካ ሃደሽደሽ ኣሉ ፍጹም ከየኑ ምኳኑ ኣጠንቂቑ።

ትራምፕ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ብመንገዲ'ቲ ‘Truth Social’ ዝሰምዮ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ኣብሉ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ኣመሪካውያን ካብቲ ዘንጸላልዎም ዘሎ ከቢድ ቁጠባዊ ውድቀት ንምድሓን፡ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ 2024 ንባይደን ሂኢሶም ንዕኡ ክመርጹ ጸዊዑ።

ኣብቲ ምርጫ ንሱ ክዕወት እንተዘይክኢሉ ግን፡ ዕዳጋታት ብርኪ ኣመሪካ (stock market)፡ ካብቲ ኣብ 1929 ዘጋጠመ ብዓቢ ቁጠባዊ ድኽተት (Great Depression) ዝኸፍአ ቁጠባዊ ውድቀት ንላዕሊ ደዋዕዋዕ ክብል ምኳኑ ኣገንዚቡ።



ንሱ ኣብ ሓበሬታኡ፡ ኣመሪካ ካብ ምምሕዳሩ ናብ ምምሕዳር ጆ ባይደን ካብ እትሰጋገር ንደሓር ጥራሕ ዝተፈጥረ ልዑል ቁጠባዊ ዝቕባለውን ነቲ ኣመሪካውን ዘጸንሐም ልዑል ናይ ምሕሻሽ ሓይሊ ኣልሚሱዎ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ወሲኹ ድማ፡ ጆ ባይደን ኣብ 2021 ፕረዚደንት ኣመሪካ ኰይኑ ቃለ-ማሕላ ካብ ዝፍጽም ንደሓር፡ ኣብታ ሃገር ማጠን ዋጋታት ሃለኽቲ ብኣስታት 17% ከምዝዘረ ዝገልጽ ስታቲስቲካዊ ጸብጻብ እቲ ምምሕዳር ሓሶት ምኳኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ እቲ ሓቀኛ ማጠን ዝቕባ ልዕሊ 30% ምኳኑ ኣመልኪቱ።

ብሓጺሩ ኣመሪካ ኣብ ትሕቲ ጆ ባይደን ኣብ 40 ዓመት ታሪኻ ርእያቶ ዘይትፈልጥ ከቢድ ቁጠባዊ ዝቕባ ኣጋጢሙዋ ከምዘሎ፡ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ሓበሬታኡ ጠቒሱ።

## ተወሳኺ




ሓደ መንኮቡ ዘይተገልጸ መንእሰይ፡ ኣብ ሰፈር እግሪ ነፋሪት ተሓቢኡ ካብ ኣልጀርያ ናብ ፈረንሳ ብህይወት ክጉዓዝ ብምኽኣሉ ኣቓልቦ ሓያለ ማዕከናት ዜና ስሒቡ።

እቲ ኣብ ዕድመ 20ታት ከምዝርከብ ዝተገልጸ መንእሰይ፡ ካብ ዓዲ ኣቦላት ጸጥታ መዓርፎ-ነፈርቲ ኣልጀርያ ተኸዊሉ እዩ ናብ እግሪ'ታ ክትበርር ትዳሎ ዝነበረት - ንብረት መንገዲ-ኣየር ኣልጀርያ ዝኾነት ነፋሪት ተሰቒሉ።

እቲ እግሪ ዝእቱ ታሕተዋይ ክፋል ናይ'ታ ነፋሪት፡ ሙቐት ዘፈጥር ይኹን ኦክስጅን ዝህብ ዝኾነ መሳርሒ ስለዘይብሉ፡ እቲ ጸላቒ መንእሰይ ኣብቲ 2 ሰዓትን ፈረቓን ዝወሰደ ጉዕዞ ክሳብ ኣሉታ 60 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ዝጸሕ ብርቱዕ ቁዝሒ ተጻዊሩ፡ ብዘይ እኹል ኦክስጅን ብህይወት ክሰርር ምኽኣሉ፡ ንብዙሓት ተኣምር ኮይኑዎም ኣሎ።

ንሱ፡ እታ ነፋሪት ኣብ ፓሪስ ድሕሪ ምዕላባ፡ ልሙድ ቴክኒካዊ ተፍትሽ ኣብ ዝካየደላ ዝበረ እዋን'ዩ ኣብ ሰፈር እግሪ ተጨቢጡ ብህይወት ተረኺቡ።

ኣድላዩ ዝበለ ሕክምናዊ ክንክን ንምርካብ ድማ፡ ብኡ ንብኡ ናብ ሆስፒታል ከምእተላእኸ እቲ ሓበሬታ የመልክት።

ንርሑቕ ዝበርራ ናይ መጉዓዝያ ነፈርቲ ዝበዝሕ ግዜ ካብ 9 ሽሕ ክሳብ 12 ሽሕ ሜትሮ በሪኸ ከምዝጉዓዛ እዮም ክኢላታት ኣቪየሽን ዝሕብሩ።

በዚ ምኽንያት፡ እቲ መውዓዪ ዘይብሉ ክፋል ኣካላተን ካብ ኣሉታ 50 ክሳብ ኣሉታ 60 ዲሰንቲግሬድ ዝጸሕ ዛሕሊ ክፈጥር እንከሎ፡ መጠን ኦክስጅን ድማ ናብ ዝተሓተ ደረጃ (20%) ከምዝወርድ የረድእ።

ብመሰረት ጸብጻብ ፈደራላዊ ምምሕዳር ኣቪየሽን ኣመሪካ (FAA)፡ ካብ 1947 ክሳብ 2020 ኣብ ዝነበረ እዋን ብደረጃ ዓለም ከምዚ ዝበለ 128 ተርእዮታት ኣጋጢሙ።

እንተኾነ፡ ልዕሊ 75% ካብ'ቶም ኣብ እግሪ ነፈርቲ ተሓቢኦም ክበርሩ ዝፈተኑ ሰባት፡ ኣብ ዝሓሰቡዎ ቦታ ከይበጽሑ ብሰንኪ ከቢድ ዛሕሊን ሕጽረት ኦክስጅንን ሞይቶም ከምእተረኽቡ፡ እቲ ጸብጻብ ይጠቅስ።